

# መምርሒ መሰላት ወለዲ ኣብ ፍሉይ ትምህርቲ

## ናይ ፍሉይ ትምህርቲ መሓውራዊ ሓለዋታት ምልክታ

ሚያዝያ 2017

Ohio Department of Education

## ብዛዕባ ፍሉይ ትምህርቲ

ፍሉይ ትምህርቲ፣ ዕድሚኦም ካብ 3 ክሳዕ 21 ንዝኾኑ ተመሃሮ፣ ብፌደራልን ክፍለ ግዝኣትን ረቛሒታት ይመሓደር። ናይ ፌደራል ረቛሒታት ክንብል ከለና እቲ ናይ ጉድኣተኛታት ሕግ ትምህርቲ (IDEA) ማለትና እዩ። ናይ ክፍለግዝኣት ረቛሒታት ክንብል እንከለና ድማ ናይ ኦሃዮ ስርሒታዊ ስታንዳርድታት ንጉድኣተኛታት ኣካል ቆልዑት (ስርሒታዊ ስተንዳርድታት ኦሃዮ) ማለት እዩ።

እዚ መጽሓፍ መምርሒ ብመሰረት IDEA ከምኡድማ ስርሒታዊ ስተንዳርድታት ኦሃዮ ናትኩምን ናይ ቆልዑትኩምን መሰላት ክትርድኡ ይሕግዘኩም። ብተወሳኺ ንናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ዝጠቕሙ ሓገዛትን ኣገልግሎታትን እትረኽቡሉ ናይ ሓበሬታ ምንጭታት እውን ይህበኩም።

ብተወሳኺ ናይ ከባቢኹም ኣውራጃዊ ቤት-ትምህርቲ እውን ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ዘለዉ መሰላትኩም ክትርድኡ ክሕግዘኩም እዩ። ብዛዕባ እዚ መጽሓፍ መምርሒ ሕቶታት እንተለዉኹም፣ ብኽብረትኩም ንዳይሬክተር ፍሉይ ትምህርቲ ኣውራጃኹም ተወከሱዎ።

## ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ተጸዋዒ

*ኣውራጃ: ብኽብረትካ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ናብዚ ተገባብሮኣዊ ክፍሊ ጸምብሮ:*

ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዳይሬክተር:

ቁጽሪ ተሌፎን:

ናይ ኢሜይል ኣድራሻ:

## ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ፣ ተጸዋዒ ፍሉይ ትምህርቲ

(ተሌፎን) 614-466-2650

(ነጻ መስመር) 877-644-6338

(ፋክስ) 614-728-1097

25 S. Front Street, ፖስታ ማስረከቢያ 409
Columbus, Ohio 43215

Exceptionalchildren@education.ohio.gov

ቴሌታይፕራይተር (TTY) ንዝጥቀሙ ደወልቲ፣ ብኽብረትካ ናብ ግሊጋሎት ርክባት ኦሃዮ ደውል (800) 750-0750።

ተወሳኺ ናይ ተጸዋዒ ሓበሬታ http://bit.ly/2hgiNa1

## መእተዊ ናይዚ መጽሓፍ መምርሒ መሰላት ወለዲ

እቲ ናይ ጉድኣተኛታት ኣካል ሕግ ትምህርቲ (IDEA) ናይ ጉድኣተኛታት ኣካል ተምሃሮን ናይ ወለዶምን መሰላት ይሕሉ። እቲ መጽሕፍ መምርሒ ብዛዕባ እዞም መሰላት እዩ ዝነግረኩም። ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ተጠቃሚ ቆልዓ እኮይኑ፣ እቲ ቤት-ትምህርቲኹም ናይቲ መጽሓፍ መምርሒ ቅዳሕ በብዓመቱ ክህበኩም ይግባእ። ብተወሳኺ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት እውን ናይ ግድን ቅዳሕ ክወሃኩም ይግባእ:

- ቆልዓኹም ስንክልና ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢልኩም ብምጥርጣርኩም ክግምገመልኩም እንተሓቲትኩም፤
- እቲ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ጉድኣት ኣካል ክህልዎ ይኽእል እዩ ኢሉ ብምጥርጣሩ ክግምግሞ እንተደልዩ፤
- ጥርዓን ብጽሑፍ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ቆልዑት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ እንድሕር ኣእቲኹም (ኣረኪብኩም) *እሞ እቲ ጥርዓንኩም* – ኣብቲ ዘመነ ትምህርቲ *ናይ መጀመርያ* ጥርዓኩም እንተኾይኑ፤
- ንናይ ቆልዓኹም ትምህርቲ ብዝምልከት ጉዳይኩም *ብዘይሻራዊ* ኣካልክረኣየልኩም ዝጠልብ ጥርዓን ብጽሑፍ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ቆልዑት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ እንድሕር ኣእቲኹም (ኣኪብኩም)እሞ እቲ ጥርዓንኩም – ኣብቲ ዘመነ ትምህርቲ ናይ መጀመርያ ጥርዓንኩም እንተኾይኑ፤
- ቆልዓኹም ብምኽንያት *ናይ ዲስፕሊን (ጠባይ) ጸገማት ካብ ትምህርቲ እንድሕር ተሰጒጉም* – ቆልዓኹም ክሳዕ ሕጂ ኣብዚ ዘመነ ትምህርቲ ን10 መዓልቲ ካብ ቤት-ትምህርቲ ርሒቑ እንተጸኒሑ፤ ወይከኣ
- ኣብ ዝኾነ ግዜ ***ቅዳሕቶ መጽሓፍ መምርሒ*** *ክወሃበካ እንተሓቲትካ*።



## ሰደቓ ትሕዝቶ

**ሓፈሻዊ ሓበሬታ** ........................................................................ 5

ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ናይ ወላዲ ፍቓድ
ቆልዓኹም ንፍሉይ ትምህርቲ ብቑዕ ድዩ?
ናጻ ናይ ትምህርቲ ገምጋማት
ኣቐዲሙ ብጽሑፍ ዝወሃብ መፍለጢ

**ትምህርታዊ መዝገባት** ........................................................................ 10

ናይቶም መዝገባት ተረካባይነት

**ኣፈታትሓ ግርጭት** ........................................................................ 12

መስርሕ ኣፈታትሓ ግርጭት
ናይ ኣጋዊ ጥርዓን ኣፈታትሓ
ምስሳይ
ምዕራቕ
ናይ ስተይት ጥርዓን ምምላእ
ናይ ስተይት ጥርዓን መስርሕ
ኣብ ስሩዕ ቤት-ፍርዲ ክሲ ምኽሳስ
መስርሕ ክሲ ናይ ግዜ ሰሌዳን መስርሕን
ኣፈታትሓ ብመስርሕ ክሲ
መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ
ኣንጻር ውሳነ ይግባይ ምሕታት
ናይ ህጻን ኩነታት ኣብ እዋን መስርሕ ክሲ
ናይ ጠበቓ ክፍሊት

**ዲስፕሊን** ........................................................................ 29

ናይ ዲስፕሊን ኣሰራርሓታት ንስንኩላን ህጻውንቲ
ናይ መግለጺ ውሳነ
ከም ግዝያዊ ኣማራጺ ዝውሰድ ናይ ትምህርቲ ቦታ

**ወለዲ ብናይ በይኖም ውሳነ ጉድእ ኣካል ዝኮኑ ቆልዑቶም ኣብቲ ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ውልቀ ትካል ትምህርቲ የእትውዎም** ........................................................................ 32

ናይ ወጻኢ መከሓሓሲ ውሳነ መስርሕ

**ናይ ጉድኣት ኣካል ተምሃሮ ስኮላርሺፕ ፕሮግራማት ብዝምልከት ናብ ወለዲ ዝለኣኽ መፍለጢ** ........................................................................ 33

ምልከታ መዓስ ይፍኖ

# ሓፈሻዊ ሓበሬታ

## ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ናይ ወለዲ ፍቓድ

ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ናይ ወላዲ ፍቓድ ማለት ንስኹም ከምኡድማ/ወይድማ በቲ ኣውራጃ ዝተመዘ ተተካኢ ወላዲ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ስጉምቲ ክወስድ ዘኽእሎ ፍቓድ ብጽሑፍ እትህቡሉ ውዕል ማለት እዩ። ንስኹም እትህቡዎ ፍቓድ እቲ ኣውራጃ ብዛዕባ እቲ ክውሰድ ዝተሓሰበ ስጉምቲ ሓበሬታ ከምዝሃበኩም ዘረጋግጽ'ውን እዩ። እቲ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ንናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ብዝምልከት ገለ ነገራት ንኽገብር ናይ ግድን ካባኹም ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ንምግባር ናይ ግድን ናትኩም ፍቓድ ብጽሑፍ ክረክብ ኣለዎ:

- እቲ ኣውራጃ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲን ተዛመድቲ ኣገልግሎታትን የድልይዎዶ ኣየድልዩዎን ንምፍላጥ ንመጀመሪያ ግዜ ክግምግሞ ቅድሚ ምጅማሩ፤
- እቲ ኣውራጃ ኣብቲ IEP ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ መጀመሪያ ኣብ ውልቃዊ ድሌት ዝተደረኸ ትምህርታዊ ፕሮግራም፣
  ተደሪኹ ንቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ክህብ ቅድሚ ምጅማሩ፤
- እቲ ኣውራጃ ናይ ቆልዓኹም ጠለባት ተቐይሮም ከይኾኑ ንምፍታሽ ዘኽእል ዳግመ-ግምገማ ቅድሚ ምክያዱ;
- እቲ ኣውራጃ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ተወሰኽቲ ገምጋማት ቅድሚ ምክያዱ።
  ንኣብነት ናይ ግብራዊ ባህሪ ገምጋም (Functional Behavior Assessment);
- እቲ ኣውራጃ ናይ ቆልዓኹም ናይ ትምህርቲ ምደባ ቅድሚ ምቕያሩ።
  እዚ ናይ ቦታ ለውጢ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ፕሮግራም ዝግበር ለውጢ ማለት እዩ፤ ከምኡድማ
- እቲ ኣውራጃ ንቆልዓኹም ዝምልከት ሓበሬታ ካብቶም ኣብ ናይ ፌደራልን ክፍለግዝኣትን ዝተዘርዘሩ ኣካላት ወጻኢ ንካልኦት ቅድሚ ምሃቡ።

### ተተካኢ ወላዲ እንታይ እዩ?

ተተካኢ ወላዲ ማለት እቲ ቆልዓ ናብ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ንክሓልፍን ተጠቃሚ ንክኸውን ኣብ ኩሎም ጉዳያት ፍሉይ ትምህርቲ ነቲ ቆልዓ ወኪሉ ዝሰርሕ ሰብ ማለት እዩ።

ኣብቲ ንስኻ እትነብረሉ ቦታ ዝርከብ ናይ ኣውራጃ ቤት ትምህርቲ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ተተካኢ ወላዲ ይምድበልካ:

- ወላዲኻ ዘይፍለጥ እንተኾይኑ፤
- እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት ትምህርቲ እኹል ጻዕሪታት ዋላኳ እንተገበረ፣ ነቲ ወላዲ ክረኽቦ እንተዘይክኢሉ፤
- እቲ ቆልዓ በይኑ ዝተረኽበ ገዛ ኣልቦ እንተኾይኑ፤ ወይድማ
- እቶ ቆልዓ ነቲ ክፍለግዝኣት ብሓደራ ዝተወሃበ እንተኾይኑ።

### ገለ ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ዝካየዱሉ እዋን ኣብ ፍልጠት ዝደተረኸ ናይ ወለዲ ፍቓድ ኣየድሊን:

- እቲ ኣውራጃ ነቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ናይቲ ተምሃራይ ሓበሬታ ከም ኣካል እቲ መስርሕ ገምጋም/ዳግመ-ገምጋም ክግምግሞ እንከሎ፤ ወይከኣ
- እቲ ኣውራጃ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ተመሃሮ ዝካየድ ገምጋም ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ከካይድ እንከሎ።



### ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ናይ ወለዲ ፍቓድ ንክትህቡ፣ እቲ ኣውራጃ:

- ውሳነ ንምውሳን ዘኽእለኩም ሙሉእ ሓበሬታ ንዓኹም ክህበኩም እንከሎ ብመበቆላዊ ቛንቋኹም፣ ወይድማ ንዓኹም ብዝርደኣኩም ካልእ ናይ ኮሚዩኒኬሽን መንገዲ ከምዝኾነ ከረጋግጽ ኣለዎ፤
- እቲ ኣውራጃ ገለ ንጥፈት ንክገብር ከምኡድማ እቲ ንጥፈት ኣብቲ ፍቓድኩም ዝተገልጸ ምኳኑ፣ ከምኡድማ ንካልኦት ክወሃቡ ዝኽእሉ ናይ ቆልዓኹም መዝገባት ወይ ሰነዳት ብዝምልከት ንስኹም ከምዝተረዳኣምን ፍቓድኩም ብጽሑፍ ከምዝሃብኩም ከረጋግጽ ኣለዎ፤
- ንስኹም ብናይ ባዕልኹም ምርጫ ፍቓድኩም ትህቡ ከምዘለኹም ኣብ ድላይኩም ከኣ ሓሳብኩም ክትቅይሩ ከምትኽእሉ ከምዝተረዳኣኩም ከረጋግጽ ኣለዎ፤
- ንስኹም ፍቓድኩም እንድሕር ሰሪዝኩም፣ እቲ ኣውራጃ ኣብ መንጎ ፍቓድ ዝሃብኩሙሉን ፍቓድ ዝሰረዝኩሙሉን ግዜ ዝገበሮ ነገራት  ክልውጥ ከምዘይኽእል ከምዝተረዳኣኩም ከረጋግጽ ኣለዎ።

### ፍቓድካ ምስራዝ

ፍቓድካ ምስራዝ ማለት ሂብካዮ ዝነበርካ ፍቓድ ምሕዳግ ማለት እዩ። ንስኹም ቆልዓኹም ኣብ ናይ ቆልዓኹም IEP ዝተውሃበ መሰረት ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ተጠቃሚ ክኸውን ዘይትደልዩ እንተኾንኩም ፍቓድኩም ኣብ ዝደለኹምዎ እዋን ክትስርዙ ትኽእሉ ኢኹም። ንስኹም ናይ ግድኒ ብጽሑፍ *ከምዚ ክትገብሩ ኣለኩም*፡

ሽዕኡ፣ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ:

- ንቆልዓኹም እቶም ኣብ IEP ዝርከቡ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ምሃብ ከቋርጽ ኣለዎ፣ ይኹን እምበር፣ እቲ ዲስትሪክት እዞም ኣልግሎታት ቅድሚ ምቁራጹ፣ እዞም ኣገልግሎታት የቋርጾም ምህላዉ ዝገልጽ ምልክታ ብጽሑፍ ክሰደልኩም ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ ዝህበኩም ምልክታ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ቅዱም ምልክታ ናይ ግድን እቶም ኣብ ገጽ 9 ናይዚ መጽሓፍ መምርሒ ዝርከቡ ንቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ዝምልከቱ ረቛሒታት ከማልእ ኣለዎ።

እቲ ኣውራጃ ድሕሪ ሕጂ ንቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ከምዘይህቦ ዝገልጽ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ምስ ሃበኩምንእቶም ኣገልግሎታት ምስተቛረጹን፣ እቲ ኣውራጃ ንቆልዓኹም ከም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ተመሃራይ ዘይኮነስ ከም ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ተመሃራይ እዩ ክቖጽሮ።



## ቆልዓኹም ንፍሉይ ትምህርቲ ብቑዕ ድዩ?

ብቑዕ ምዃን ማለት ቆልዓኹም ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ስንክልናታት ስለዘለዉዎ ገለ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት የድልዩዎ ኣለዉ ማለት እዩ። እቲ ሕጋገ ትምህርቲ ንጉድኣተኛታት ኣካል (IDEA) ጉድኣት ኣካል ዘለዎም ተመሃሮ ፍሉይ ትምህርቲ ከምኡድማ/ወይድማ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታት ክረኽቡ ኣለዎም ይብል። ቆልዓኹም ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ስንኩል ተምሃራይ ተጌሩ ክቑጸር እንተኾይኑ፣ ቆልዓኹም ገለ ካብዞም ዝስዕቡ ስንክልናታት ስለዘለዎ ፍሉይ ትምህርቲ ከምኡድማ/ወይድማ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታት ክጠልብ ኣለዎ:

- ናይ ኣእምሮ ጉድኣት ኣካል፤
- ናይ ምስማዕ ስንክልና፤
- ናይ ዘረባ ወይ ቋንቋ ስንክልና፤
- ናይ ብርሃን ዓይኒ ስንክልና፤
- ስምዒታዊ ሩፍታ ምስኣን፤
- ኦርቶፔድያዊ ስንክልና፤
- ኦቲዝም፤
- ዘሰንብድ ናይ ሓንጎል ማህሰይቲ፤
- ካልእ ናይ ጥዕና ስንክልና፤
- ንጹር ናይ ምምሃር ስንክልና፤
- ምጽማም፤
- ምጽማምን ምዕዋርን፤
- ብዙሕ ስንክልናታት፤ ወይድማ
- ናይ ዕቤት ምድንጓይ።

### መበቆላዊ ቋንቋ ወይድማ መረዳድኢ ሜላ

ኩሎም እቶም ንስኹም ዝተሳተፍኩሙሎም ኣኼባታት፣ ናይ ቆልዓኹም ገምጋም ከምኡድማ ኩሎም ናባኹም ዝለኣኹ ምልክታታት ናይ ግድን ብመበቆላዊ ቋንቋኹም ወይከኣ ብካልእ ንስኹም እትጥቀሙሉ ናይ ኮሚዩኒኬሽን ሜላ ዝተጻሕፉ ክኾኑ ኣለዎም።

ኩሎም ቆልዓኹም ንምግምጋም ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ናይ ፈተናን ካልኦትን ማቴርያላት ብናይቲ ቆልዓ መበቆላዊ ቋንቋ ወይከኣ ካልእ እቲ ቆልዓ ዝጥቀመሉ ናይ ኮሚዩኒኬሽን ሜላ ዝተዳለዉ ክኾኑ ኣለዎም፤ እዚ እቲ ቆልዓኹም ከምዝፈልጥን ብመዳይ ኣካዳሚ፣ ዕቤት፣ ከምኡድማ ፋንክሽናሊ እንታይ ክገብር ከምዝኽእልን ብዝምልከት እቲ ኣውራጃ ትኽክለኛ ሓበሬታ ክረክብ ይሕግዞ፣ ይኹን እምበር ብጭቡጥ እዚ ምግባር ዘይከኣለሉ ኣጋጣሚታት ክህሉ ይኽእል እዩ።

### እቲ ኣውራጃ ቆልዓኹም ክግምግመልኩም ሕተቱ

ቆልዓኹም ኣብ ትምህርቱ ጸገም ዝፈጥረሉ ስንክልና ኣለዎ ዝብል እምነትእንድሕር ኣለኩም፣ እቲ ኣውራጃ ቆልዓኹም ንፍሉይ ትምህርቲ (ኣብ ትሕቲ IDEA ስንክልና ዘለዎ ቆልዓ ምዃኑ ከረጋግጸልኩም) ብቑዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ክግምግመልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ናይቲ ኣውራጃ ሰራሕተኛታት ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ የድልዮ ኢሎም እንድሕር ሓሲቦም ቆልዓኹም ክንግምግሞዶ ዝብል ሕቶ ክቐርቡልኩም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ሓዲኡ ኣጋጣሚ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናትኩም ፍቓድ (ስምምዕ) ብጽሑፍ ምስረኸበ፣ እቲ ናይ ፈለማ (ቀዳማይ) ግምገማ ኣብ ውሽጢ 60 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክውድእ ኣለዎ።

### እቲ ህጻን ኣብ ትሕቲ ሓደራ እቲ ክፍለግዝኣት ዝመሓደር እንተኾይኑ

ኣብ ትሕቲ ሓደራ ክፍለግዝኣት *ዝርከብ ህጻን* ማለት ምስ ወለዱ ዘይነብር ቆልዓ እንተኾይኑ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እቲ ቆልዓ ገለ ካብዞም ዝስዕቡ ጉድኣታት ኣካል ዘለዉዎ ከይኸውን ንምግምጋም ናይ ወለዲ ፍቓድ ኣየድልዮም:

- እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እኹል ጻዕሪ ዋላኳ እንተገበረ፣ ናይቲ ቆልዓ ወላዲ ክረክብ እንተዘይክኢሉ፤
- ናይቶም ወለዲ መሰላት ተቛሪጾም እንተኾይኖም፤ ወይከኣ
- ናይቶም ወለዲ መሰላት ንካልእ ናይ ፈለማ ግምገማ ከካይድ ዝተሰማምዐ ሰብ ብዳይና እንድሕር ተመሓላሊፎም።

## ዘይሻራዊ ትምህርታዊ ገምጋማት (IEE)

ዘይሻራዊ ትምህርታዊ ገምጋም (IEE) ግዳማዊ ገምጋም ተባሂሉ እውን ይፍለጥ። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህቲ ነዚ ግዳማዊ ገምጋም ክኸፍል ዝኽእል ኣቐዲሙ ናይ ባዕሉ ገምጋም ኣካይዱስ ንስኹም ነቲ ውጽኢት ናይቲ ገምጋም ክትቅበሉዎ እንተዘይክኢልኩም ጥራይ እዩ። እቲ ዕላማ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ዘድልዮ ከይኸውን ወይከኣ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ጠለቡ ገና ቀጻሊ ከይኸውን ንምርግጋጽ እዩ። ኣብዚ ግዳማዊ ገምጋም ንቆልዓኹም ዝገምገሞ ሰብ ቆልዓኹም ዝመሃሉ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዝሰርሕ ክኸውን የብሉን። ንስኹም ከም መጠን ወላዲ ኣብ ዝደለኹምዎ እዋን ብናይ ባዕልኹም ወጻኢ ግዳማዊ ገምጋም ክተካይዱ መሰልኩም እዩ። እቲ ኣውራጃኹም ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ብዝገበሮ ገምጋም ምስ ዘይትስማዕምዑ፣ እቲ ኣውራጃ ዘየድሊ ምድንጓያት ከይገበረ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክወስድ ኣለዎ:

- እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ግዳማዊ ገምጋም መዓስ ክተካይዱ ከምእትኽእሉ
  ከምኡድማ ናይቲ ገምጋም ወጻኢ በቲ ኣውራጃ ክሽፈን እንተኾይን እንታይ ረቛሒታት ከማልኡ ከምዘለዎም ክነግረኩም ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ ምስተስማዕመዐን እቲ ግዳማዊ ገምጋም ምስተኻደን፣ እቲ ኣውራጃ ናይ ግድን ነቲ ወጻኢ ክሸፍን ኣለዎ; ወይድማ
- እቲ ኣውራጃ በቲ ንስኹም ዘቕረብኩምዎ ግዳሚ ገምጋም ናይ ምኪያድ ሕቶ ዘይስማዕማዕ እንተኾይኑ
  ጉዳዩ ኣብ ስሩዕ ቤት-ፍርዲ ንኽረኣየሉ (ገጽ 21 ረኣይ) ሕቶኡ ናብ ቤትጽሕፈት ፍሉያት ህጻውንቲ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ከቕርብ ኣለዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያ
  እቲ ኣውራጃ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ዘካየዶ ገምጋም ጸገም ኣይነበሮን ኢሉ ዝኣምን እንተኾይኑ እዩ።


### ግዳማዊ ረቛሒ ንምክያድ ዘድልዩ ረቛሒታት

እቶም ኣብቲ ኣውራጃ ዘካይዶ ገምጋም ከማልኡ ዝግበኦም ረቛሒታት እዮም ኣብቲ ብምርጫ ወለዲ ብኽፍሊት እቲ ኣውራጃ ዝካየድ ግዳማዊ ገምጋም ኣብ ግብሪ ዝውዕሊ። እዞም ረቛሒታት ቆልዓኹም ኣበይ ክግምገም ከምዘለዎን ናይቲ ገምጋማይ ተመኩሮን የጠቓልሉ። እቲ ኣውራጃ ናይቲ ኣውራጃ ረቛሒታት ኣማሊኡ ናይ ዝካየድ ግዳማዊ ገምጋም ምሉእ ወጻኢ ክሸፍን ኣለዎ።

ንስኹም ቆልዓኹም ግዳማዊ ገምጋም ክግበረሉ እንተሓቲትኩም፣ እቲ ኣውራጃ ስለንታይ ናይቲ ኣውራጃ ገምጋም ከምዘይተቐብልኩምዎ ክሓተኩም ይኽእል እዩ (ግዳማዊ ገምጋም ዝደለኹምሎም ምኽንያታት)፣ ይኹን እምበር እዚ ምግላሽ ኣብ ድሌትኩም ዝተደረኸ እዩ። እቲ ዲስትሪክት ኣብ ልዕሊ ቆልዓኻ ሓደ ገምጋም ክገብር እንክሎ በቲ ገምጋም እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም ናይ ሓደ ግዳማዊ ገምጋም ወጻኢ ክሽፍን ግቡእ ኣለዎ።

ቆልዓኹም ናይቲ ኣውራጃ ረቛሒታት ብዘማልእ መንገዲ ግዳማዊ ገምጋም ምስተገብረሉ፣ ናይቲ ገምጋም ወጻኢ መን ሸፊኑዎ ብዘየገድስ፣ እቲ ኣውራጃ ናይቲ ገምጋም ውጽኢታት ርእዩ ንቆልዓኹም ከመይ ናጻን ግቡእን መንግስታዊ
ትምህርቲ (FAPE) ክቕርበሉ ከምዝኽእል ክውስን ኣለዎ።

#### እዚ ዝስዕብ ስእላዊ መግለጺ ግዳማዊ ገምጋም ክትሓቱ እንከለኹም ከጋጥሙ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት የርኢ



# ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ

እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ገለ ስጉምቲታት ንምውሳድ ወይ ንዘይምውሳድ ቅድሚ ምውሳኑ ኣብ ውሽጢ ቅቡል ንውሓት ግዜ ንዓኹም ብጽሑፍ ክፍልጠኩም (ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ዝበሃል) ኣለዎ። እዞም ስጉምቲታት እቲ ኣውራጃ ናይ ቆልዓኹም መንነት፣ ግምገማ ወይከኣ ትምህርታዊ ምደባ ወይከኣ ግቡእ መንግስታዊ ትምህርቲ ንቆልዓኹም ምቕራብ ብዝምልከት ዝገብሮም ተበግሶታትን ለውጢታትን ከጠቓልሉ ይኽእሉ። ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናይ ግድን ክማላእ ዘለዎ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ቅጥዒ እዩ።

## ትሕዝቶታት ናይ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ

እቲ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ንስኹም ኣብ ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ኣገልግሎታት ኣብ ፍልጠት ተደሪኽኩም ክትሳተፉ ዘኽእለኩም ዝርዝር ሓበሬታ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ብፍላይ ነቶም ኣብቲ ኣብዚ ገጽ ዘሎ መሰነይታ ሳንዱቕ ዝተነጸሩ ትሕዝቶታት ከጠቓልል ኣለዎ።

## ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ብርዱእ ቋንቋ

ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናይ ግድን ንሓፋሽ ብዝርድኦ ቋንቋ ክዳለው ከምኡድማ ብመበቆላዊ ቋንቋኻ ወይድማ ክንዲ ዝተኻእለ ብካልእ ንስኹም እትጥቀሙሉ ናይ ኮሚዩኒኬሺን ሜላ ክጻሓፍ ኣለዎ።

እቲ ናይቶም ወለዲ መበቆላዊ ቋንቋ ወይከኣ ሜላ ኮሚዩኒኬሽን ***ክጻሓፍ*** ዘይኽእል ቋንቋ እንተኾይኑ ከኣ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናብ ዘረባ ቀይሩ ከቕርበሎም፣ ወይከኣ ናይቶም ወለዲ መበቆላዊ ቋንቋ ወይ ካልእ ሜላ ኮሚዩኒኬሽን ተጠቒሙ ብካልእ ርዱእ መንገዲ ከቕርበሎም ይግባእ። እቲ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ እቶም ወለዲ ብዝርድኡዎ መንገዲ ብግቡእ ከምዝተተርጎመ እቲ ኣውራጃ ከረጋግጽ ኣለዎ።

**እቲ ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናይ ግድን እዞም ዝስዕቡ ከማልእ ኣለዎ:**

- ናይቲ በቲ ኣውራጃ ዝተሓስበ ወይከኣ ውዱቕ ዝኾነ ተግባር መብርሂ;
- እቲ ኣውራጃ ነቲ ተግባር ንምግባር ዝሓሰበሉ ወይከኣ ዝኣበየሉ ምኽንያት ዝገልጽ መብርሂ;
- እቲ ቤት-ትምህርቲ ውሳኔ ንክውስን ዝተጠቕመሉ ናይ ሕድሕድ ገምጋም፣ መርመራ፣ መዝገብ ወይከኣ ሪፖርት ኣሰራርሓ;
- ወለዲ ኣብ ትሕቲ ናይ IDEA ኣሰራርሓታት ሓለዋ ከምዝግበረሎም ዝገልጽ መብርሂ፣ ከምኡድማ እቲ ምልክታ ፈላማይ ናይ ገምጋም መወከሲ እንተዘይኮይኑ ድማ፣ እቶም ወለዲ ናይ ኣሰራርሓታት ሓለዋ መብርሂ ዝረኽቡሉ ሜላ;
- እቶም ወለዲ ናይ IDEA ረቛሒታት ኣብ ምርዳእ ደገፍ ክሓቱሎም ዝኽእሉ ምንጪታት;
- እቲ ናይ IEP ጉጅለ ኣብ ግምት ዘእተዎም ካልኦት ኣማራጺታት ዝገልጽ መብርሂ ከምኡድማ እዞም ኣማራጺታት ዝተነጽጉሎም ምኽንያታት;
- ናይቲ ኣውራጃ ሓሳብ ምቕራብ ወይከኣ ምንጻግ ዝጸለዉ ካልኦት ምኽንያታት ዝገልጽ መብርሂ።



# ትምህርታዊ መዝገባት

## ናይ መዝገባት ተረካባይነት

እቲ ሕጋገ መሰላት ትምህርቲን ስትረትን ስድራቤት (FERPA) ወለዲ ናይ ቆልዑቶም ትምህርታዊ መዝገባት ክምርምሩን ክፍትሹን ዘኽእሉዎም ገለ መሰላት ዝህብ ናይ ፌደራል ሕጊ እዩ። ኣብ ትሕቲ FERPA ንወለዲ ዝተውሃቡ መሰላት እቲ ተመሃራይ ዕድሜኡ 18 ዓመት ምስበጽሐ ወይከኣ ኣብ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክሳተፍ ምስጀመረ (ንኣብነት ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ) ናብቲ ተምሃራይ ይሓልፉ።

### ትምህርታዊ መዝገባት እንታይ እዮም?

ነቲ ተምሃራይ ዝምልከት ገለ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ FERPA ሓለዋ ንክግበረሉ ናይ ትምህርቲ መዝገብ ረቛሒ ከማልእ ኣለዎ። FERPA ንትምህርታዊ መዝገባት ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝገልጾም:

1. ብቐጥታ ምስ ሓደ ተምሃራይ ዝተኣሳሰሩ መዝገባት። ኣብ ገለ እዋናት ቤት-ትምህርቲታት ነዚ መንነት ዝገልጽ ሓበሬታ ይብሉዎ; ከምኡድማ
2. ብትካል ትምህርቲ ዝተሓዙ መዝገባት (ን ኣብነት፣ ኣብ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኻ) ወይከኣ ነቲ ትካል ብዝውክል ኣካል ዝተሓዙ መዝገባት።

### ምዕቃብን ሚስጢራውነትን መዝገባት

ናይ ትምህርቲ መዝገባት ብብዙሕ መንገዲታት ክዕቀብ ይኽእል እዩ። ገለ ኣብነታት:

- ብናይ ኢድ ጽሑፍ;
- ብሕትመት;
- ብኮምፒዩተር;
- ብቪድዮ ወይ ብድምጺ ቀረጻ; ወይከኣ
- ብፊልም፣ ማይክሮፊልም ወይድማ ማይክሮፊቸ።

ናይ ተመሃራይ መዝገባት ብሚስጢር እዮም ዝተሓዙ፣ ማለት ብስትረት እዮም ዝተሓዙ። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ወይከኣ ትካል ናይቲ ቆልዓ መዝገባት ኣብ ዝእከበሉ፣ ዝኽዝነሉ፣ ዘፍንወሉ ወይድማ ዘወግደሉ እዋን ስትረቱ ብዝሓለወ መንገዲ ክኸውን ኣለዎ።

### ናይ ቆልዓኹም መዝገባት ምፍታሽ

እቲ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ናይ ግድን ዘየድሊ ምድንጓይ ከይገበረቅድሚ ዝኾነ ናይ IEP ጉጅለ ኣኼባ ወይከኣ ቅድሚ ዝኾነ ንስኹም እትሳተፉሉ ናይ ክሲ ጉዳይ ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ መዝገባት ክትርእዩ ክፈቕደልኩም ይግባእ። እቲ ኣውራጃ ካብቲ ንስኹም ነቶም መዝገባት ንምርኣይ ሕቶ ዘቕረብኩምሉ መዓልቲ ካብ 45 መዓልቲ ንላዕሊ ከደንጉየኩም ኣይግባእን።

ኣብቲ ንቆልዓኹም ዝምልከት መዝገብ ዝርከብ ሓበሬታ ጥራይ ናይ ምፍታሽ መሰል ኣለኩም። እቲ ቤት-ትምህርቲ ንናይ ቆልዓኹም መዝገባት ዝምልከት መብርሂ ክህበኩም ናይ ምሕታት መሰል ኣለኩም። ነቶም መዝገባት ወኪልኩም ክምርምረልኩም (ከም ዓርኪኹም ወይ በዓልሞያ ሕጊ ዝኣመሰሉ) ናይ ምግባር መሰል ኣለኩም።

እቲ ኣውራጃ ናይ ቆልዓኹም መዝገባት ቅዳሓት ክህበኩም ይኽእል እዩ; ይኹን እምበር እቲ ኣውራጃ ቅዳሕ እንድሕር ዘይሂቡኩም መሰልኩም ዝገሃሰ እንተዳኣ ኮይኑ ናይ ግድን ቅዳሓት ክህበኩም ኣለዎ። ኩሉ ግዜ ብናይ ባዕልኻ ወጻኢ ቅዳሓት ክትወስድ መሰልካ እዩ።

#### መንነት ውልቀሰብ ዝገልጽ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:

- ናይ ቆልዓኹም ስም፤
- ናይ ስድራቤትኩም ኣባል ስም፤
- ናይ ቆልዓኹም ኣድራሻ ወይድማ ናይቲ ስድራቤት ኣድራሻ፤
- ከም ናይ ቆልዓኹም ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ቑጽሪ፣ ናይ ተምሃራይ ቑጽሪ ወይ ናይ ባዮሜትሪክ መዝገብ ዝኣመሰሉ ውልቃዊ መንነት መለለዪታት፤
- ካልኦት ብተዘዋዋሪ መንነት ቆልዓኹም ክሕብሩ ዝኽእሉ ከም ናይ ልደት መዓልቲ፣ ናይ ተውልዲ ቦታ፣ ናይ ኣደ ፈላማይ ስም፣ ዘርኢ ወይድማ ዓሌት፤
- ካልእ ንበይኑ ወይከኣ ብድምር፣ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ዝርከብ ካልእ ሰብ ዋላሓንቲ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ውልቃዊ ፍልጠት ዘይብሉ ክንሱ ነቲ ተማሃራይ ክለልዮሉ ዝኽእል ሓበሬታ፤
- እቲ ቤት-ትምህርቲ ናይቲ ቆልዓ መንነት ይፈልጥ እዩ ኢሉ ብዝሓስቦ ሰብ ዝሕተት ሓበሬታ፤ ወይከኣ
- ካልኦት ብ FERPA ዝገልጹ ኣብነታት።



## ኣብ ልዕሊ ትምህርታዊ መዝገባት ዝግበሩ ለውጢታት

ኣብ ናይ ቆልዓኹም መዝገባት ዝርከብ ግጉይ ወይከኣ መጋገዪ ሓበሬታ ክዕረየልኩም ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኩም። እቲ ናይ ቆልዓኹም ቤት-ትምህርቲ ኣብ ናትኩም ሕቶ (ንስኹም ስለዝሓተትኩም ጥራይ) ጥራይ ተደሪኹ ናይ ትምህርቲ መዝገብ ክቕይር የብሉን፣ ይኹን እምበር፣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ናይ ግድን ንሕቶኹም ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለዎ። እቲ ቤት-ትምህርቲ እቲ ንስኹም ኣብ ልዕሉ ናይ ቆልዓኹም መዝገባት ክግበር ዝሓተትኩምዎ ለውጢ ተግባራዊ ከምዘይገብር ክግረኩም እንከሎ፣ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ክሲ ክትምስርቱ መሰል ከምዘለኩም እውን ክሕብረኩም ይግባእ።

ድሕሪ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እቲ ቤት-ትምህርቲ ሕጂ እውን ነቲ ናይ ትምህርቲ መዝገብ ኣይቅይሮን እንድሕር ዝብል ኮይኑ፣ ነቲ ጉዳይኩም ዝምልከት መግለጺ ኣብ ናይ ቆልዓኹም መዝገብ ክኣትወልኩም መሰልኩም እዩ። እዚ መግለጺ ናይ ግድን ኣካል ናይ ቆልዓኹም መዝገብ ኮይኑ ክጸንሕ ኣለዎ። ኣብ ናይ ቆልዓኹም መዝገብ ክኣቱ ዘለዎ መግለጺ ክትጽሕፉ ዝፈቐደልኩም ምርጫ ዝህሉ እቲ መዝገብ ግጉይ ሓበሬታ ዝሓዘ እንተኾይኑ ጥራይ እዩ። እዚ ከምዚ ዝበለ መግለጺ ቆልዓኹም ዝረኸቦ ውጽኢት፣ ናይ ውልቀ ርእይቶ ወይከኣ ንምብዳህ፣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ንቆልዓኻ ኣመልኪቱ ዝወሰኖ ውሳነ ንምብዳህ ክትጥቀሙሉ ኣይትኽእልን።

## ናይ ትምህርቲ መዝገባት ንካልኦት ኣሕሊፍካ ምሃብ

እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ቆልዓኹም መንነት ዝገልጹ ናይ ትምህርቲ መዝገባት ንካልእ ሰብ ክህብ እንተደልዩ ናይ ግድን ካባኹም ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ። ይኹን እምበር፣ ናይትኩም ፍቓድ ዘየድልየሎም ገለ ኣጋጣሚታት ኣለዉ እዮም። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ መዝገባት ንኻልእ ንምሃብ ፍቓድ ዘይደልየሎም ኣጋጣሚታት ንምፍላጥ፣ ነቲ ናይ [FERPA ሓፈሻዊ ማዕዳዊ ሓበሬታ ንኣብ](FERPA ሓፈሻዊ ማዕዳዊ ሓበሬታ ንኣብ) ዩኤስ ዝነብሩ ወለዲ ረኣዩ። ናይ ዲፓርትመንት ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ www.ed.gov።



# ናይ ዘምቅዳው ኣፈታትሓ

## ናይ ዘይምቅዳው ኣፈታትሓ መስርሕ

ብዛዕባ ናይ ስንኩል ቆልዓኹም ትምህርቲ ስክፋት እንተለኩም፣ እቲ ቀዳማይ ክትገብሩዎ ዝግበኣኩም ነገር ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ተሓባቢርካ ምስራሕ እዩ። ንምጅማር፣ ንናይ ተምሃራይኩም መምህር ርኸቡዎ ወይከኣ ንናይ ኣውራጃኹም ፍሉይ ትምህርቲ ዳሬክተር ርኸቡዎ። ነቲ ሰብ ንሱ ሓሳብኩም ኣካፍሉዎ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ብዛዕባ ስክፍታኹም ክትስማዕምዑ እንተዘይክኢልኩም፣ ነዚ ጸገም ንምፍታሕ ብሓባር እትሰርሑሎም መንገድታት ኩሉ ግዜ ክፉታት እዮም።

እዞም መስርሓት ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኹም ክጥቀመሎም ዝኽእል ስሩዓት ኣስማት ኣለዉዎም፣ ይኹን እምበር እቶም ኣስማት እንታይ ማለት ከምዝኾኑን ንስኹምን እቲ ቤት-ትምህርቲን ንቆልዓኹም ከመይ ክትሕግዙዎ ከምትኽእሉን ብዝምልከት እዚ መጽሓፍ መምርሒ ክሕግዘኩም እዩ። እዚ ዝስዕብ ክፍሊ ነዞም መስርሓት ወይከኣ ምስቲ ኣውራጃኹም ንምትሕብባር እትጥቀሙሎም ሜላታት ዝምልከት መብርሂታት ዝሓዘ እዩ።

### ምሕደራዊ ተፍትሽ ሓበሬታ

ጉድኣት ኣካል ናይዘለዎ ቆልዓኹም ትምህርቲ ብዝምልከት ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዘይምስምዕማዕ እንተለኩም፣ ጥርዓንኩም ናብ ምሕደራ ናይቲ ኣውራጃ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ምላሽ ንምሃብ፣ ናይቲ ዲስትሪክት ርእሰ-መምህር (ወይ ተወካሊ) ምሕደራዊ ገምጋም ከካይድ እዩ። እዚ ገምጋም ምሕዳራዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እውን ከጠቓልል ይኽእል እዩ።

እቲ ገምጋምን ምሕደራዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲን ንኹሎም ተሳተፍቲ ኣብ ዝምቹ ሰዓትን ቦታን ክካየድ ኣለዎ። ክልቴኹም ማለት ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ካልኦት ኣብቲ ገምጋም ወይ ምሕዳራዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክሳተፉ ክትዕድሙ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፣ ካልኦት ናይ ስድራቤት ኣባላት ወይከኣ ዓርኪ፣ ብዛዕባ ፍሉይ ትምህርቲ ኣፍልጦ ዘለዎ ሰብ፣ ወይከኣ ናይ ሕጊ ሞያዊ ክትዕድሙ ትኽእሉ። ቆልዓኹም ብቦርድ ዕቤታዊ ስንክልናታት ካውን ኣብ ዝምራሕ ፕሮግራም ወይከኣ ኣብ ካልእ መንግስታዊ ናይ ትምህርቲ ትካል እንድሕር ኮይኑ ዝመሃር፣ እቲ ኣውራጃ ነቲ ምሕዳራዊ ገምጋም ንክካይድ ናይ ግድን ምስቲ ቦርድ ወይከኣ ምስቲ ትካል ክማኸር ኣለዎ።

ኣብ ምግምጋም እዚ ኩነታት፣ ሕድሕድ ዝግበር ጻዕሪ ነቲ ብዛዕባ ቆልዓኹም ዝተፈጠረ ዘይምስምዕማዕ ንምእላይ ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ርእሰ-መምህር (ወይ ተወካሊ) ነቶም ክስማዕምዑ ዘይከሉ ክልተ ኣካላት ሰሚዑ ውሳነ ክውስን እዩ። ውሳነ ምስተወሰነ፣ እቲ ርእሰ-መምህር ብጽሑፍ ከፍልጠኩም ኣለዎ። እዚ ንስኹም መጀመሪያ ብዛዕባ ስክፍታኹምነቲ ኣውራጃ ካብ እተፍልጡ ኣብ ውሽጢ 20 መዓልቲ ክግበር ዘለዎ እዩ።

### ክትፍትንዎ እትኽእሊ ተወሳኺ መስርሕ

እዚ መስርሕ ምስዛዘምኩም እውን ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ነቲ ጸገም ከመይ ክትፈትሕዎ ከምዘለኩም እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም፣ ብዙሓት ተወሰኽቲ ክትፍትንዎም እትኽእሉ መስርሓት ኣለዉ። ዋላኳ ናብ ካልእ መስርሕ ኣተኣላልያ ግርጭት ቅድሚ ምኻድኩም ምሕደራዊ ገምጋም ክትሕቱ ግዴታኹም እንተዘይኮነ፣ ከምኡ ምግባር ግን ዝተባባዕ እዩ። እዚ ጸገም ንምፍታሕ ክትጥቀሙሎም እትኽእሉሎም ካልኦት ተወሰኽቲ ምርጫታት ኣለዉ። ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ተምሃሮ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ተወሰኽቲ ንስክፍታታትኩም መፍትሒ ዝኾኑ ሜላታት ኣብ እትሓቱሉ እዋናት ተሳትፎ ብምግባር ሓገዝ ክገብረልም እዩ።  እዞም ዝስዕቡ ኣካላት እውን ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም:

- ናይ ካባቢኹም ክፍለግዝኣት ሓገዝ ወሃቢ ጉጅለ (ዞባ #__________) ኣብ (ተሌፎን # ____________________).
  እቶም ኣብታ ሓገዝ ወሃቢት ጉጅለ ክፍለግዝኣት ዝርከቡ ናይ ወለዲን ስድራትን ማዕዳ ዋሃብቲ ምሳኹም ክሰርሑ እዮም።
- ከባቢያዊ ተቖጻጻሪኻ፣ ኣብ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኻ እንድሕር ኣሎ።
  - ናይ ወላዲ ሜንቶር ጉድኣት ኣካል ዘለዎ ቆልዓ ንዘለዎም ስድራቤታትን ንናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲታትን ሓበሬታን ደገፍን ይህብ።  እቲ ናይ ወላዲ ሜንቶር ናይቲ ኣውራጃ ሰራሕተኛ ክንሱ ናይ ስንኩል ቆልዓ ወላዲ እውን እዩ።
  - ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ____________________________________.
- ማሕበር ኦሃዮ ንትምህርቲ ስንኩላን ህጻውንቲ (OCECD) ተወከሱ
  - The OCECD ስንኩላን ናጽላ ህጻናት፣ እግሪ ተኸሊ ህጻናት፣ ህጻናትን መንእሰያትን ንዘለዉዎም ኣብ ኦሃዮ ዝርከቡ ስድራ ቤታት፣ ከምኡድማ ንዓኣቶም ኣገልግሎታት ዝህቡ መማህራንን ትካላትን ዘገልግል ዘይመኽሰባዊ ሃርለኽ ውድብ እዩ። ናይ OCECD ፕሮግራማት ወለዲ ኣብ ኩሉ ናይ ትምህርቲ ቦታታት ፈላጣትን ብቑዓትን ናይ ደቆም ተቀከልቲ መታን ክኾኑ
    ደገፍ ይገብሩ።
  - ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ነቲ OCECD ብ (740) 382-5452 ኣዘራርቡዎ ወይከኣ ናይ OCECD መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ: www.ocecd.org.

## ኢጋዊ ኣፈታትሓ ጥርዓን

ኢጋዊ ኣፈታትሓ ጥርዓን ዝበሃል ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዘለኩም ዘይምቅዳው ቅድሚ ናብ ካልኦት ምርጫታት ኣፋታትሓ ግርጭት ምኻድኩም ብዘይስሩዕ መንገዲ ኣገባብ ክትፈትሑ ክትፍትኑ እንክለኹም እዩ። ንናይ ቆልዓኹም ትምህርቲ ዝምልከቱ ሕቶታትኩምን ስክፍታታትኩምን ኣብ ምእላይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ዝተወከለ ሰብ ደገፍ ክገብረልኩም እዩ።

ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ናብ ካልእ ክም ናይ ጽሑፍ ጥርዓን ወይ ከይዲ ምስማዕ ከሲ ዝኣመሰሉ ስሩዓት መስርሓት ቅድሚ ምኻድኩም ኢጋዊ ኣፈታትሓ ጥርዓን ክትፍትኑ የተባብዕ። ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ትምህርቲ ዘለኩም ሕቶታትን ስክፍታታትን ዝምልከት ደገፍ ንምርካብ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ምስ ዝሰርሕ ሰብ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ኢጋዊ ኣፈታትሓ ጥርዓን ንምዝርራብ፣ ብኽብረትኩም ነቲ ዲፓርትመንት በዞም ዝስዕቡ ኣድራሻታት ርኸቡዎ:

- ብተሌፎን: (614) 466-2650, ወይከኣ ናጻ መስመር (877) 644-6338; ወይድማ
- ብኢሜይል: exceptionalchildren@education.ohio.gov።

## ምስሳይ

ብዛዕባ ገምጋም ወይ ዳግመ-ገምጋም ፍሉይ ትምህርቲ ቆልዓኹም ወይከኣ ብዛዕባ ውልቃዊ ፕሮግራም ትምህርቲ ቆልዓኹም (IEP) ስክፋት እንተለኩም፣ ምስሳይ ዝበሃል ምርጫ ክጠቐመኩም ይኽእል እዩ።

ምስሳይ ማለት ንስኹም እትሳተፉሉ ወይከኣ እቲ ናይ IEP ጉጅለ (ንስኹም እውን ናይዚ ጉጅለ ኣባል ኢኹም) ዝሳተፈሉ ንናይ ቆልዓኹም ገምጋም ዝምልከት ኣኼባ ንምክያድ እቲ ዲፓርትመንት መሳሰዪ ክዳልወልኩም እትሓቱሉ ከይዲ እዩ። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እውን ካብዞም ንናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ዝምልከቱ ኣኼባታት ኣብ ገሊኦም መሳሰሲ ከዳልወሉ ነቲ ዲፓርትመንት ክሓትት ይኽእል እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ክልቴኹም እቲ መሳሰዪ ኣብቲ ኣኼባ ንክሳተፍ ክትስማዕምዑ ኣለኩም።

### ናይቲ ምስሳይ ዕላማ

ምስሳይ ኣብ ከም ናይ ውልቃዊ ትምህርቲ ፕሮግራም ጉጅለ ኣኼባ፣ ናይ ገምጋም መደብ ኣኼባ ወይከኣ ናይ ገምጋም ጉጅለ ኣኼባ ዝኣመሰሉ ናይ ጉጅለ ኣኼባታት እዩ ዝካየድ። እቲ መሳሰዪ ናይቲ ጉጅለ ኣባል ዘይኮነን ነቲ ጉጅለ ዝምልከት ውሳነ ከሕልፍ ዘይኽእልን ዘይሻራዊ ሳልሳይ ኣካል ወይከኣ መንጎኛ እዩ። መሳሰዪ ምህላዉ ነቲ ጉጅለ ውጽኢታዊ ንክኸውንን ሙሉእ ጠመተኡ ኣብቲ ተምሃራይ ንኽገብርን ይሕግዞ። እቶም መሳሰይቲ ኣብ መስርሕ ፍሉይ ትምህርቲ ብቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ተምሃሮ ዝሰልጠኑ ሞያውያን መራሕቲ መድረኽ እዮም።

ኣብ ዝኾነ እዋን መሳሰይቲ ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምዚ ምስገበርኩም ድማ ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ክትሳተፉ ክትስማዕምዑ ኣለኩም። ክልቴኹም እንድሕር ተስማዕሚዕኹም፣ እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ነቲ ኣኼባ ዝኣልዩልኩም መሳሰይቲ ከምርጸኩም እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብ ምርጫ መሳሰዪ እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም፣ ባዕሉ እቲ ቤት-ጽሕፈት ሓደ ከምድበልኩም እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ነቲ ናይ ምስሳይ ኣገልግሎት ዋላ ሓንቲ ኣይትኽፍሉን ኢኹም።

### እቲ መሳሰዪ:



- ኩሉ ግዜ ዘይሻራዊ ሳልሳይ ኣካል ክኸውን ኣለዎ (ናብ ገሊኦም ክውግን የብሉን ከምኡድማ ናትኩም ወይ ናይቲ ኣውራጃ ሰራሕተኛ ክኸውን የብሉን);
- ዝሰልጠነ ሞያዊ መንጎኛ እዩ (ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ ዝሕግዝ ሞያዊ እዩ)፤
- ብዛዕባ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ሕጊታትን ረቛሒታትን ስልጠና ዝወሰደን ፍልጠት ዘለዎን እዩ፤
- ናይ ቆልዓኹም IEP ወይከኣ ናይ ግምገማ ጉጅለ ኣካል ኣይኮነን፤
- ውሳነታት ኣይውስንን፣ ግን እታ ጉጅለ መፍትሒታት ንኽተናዲ ይመርሓ፤
- ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ እቲ ኣውራጃን ዝርርብ ንኽጅመር ይሕግዝ፤
- እቲ ኣኼባ ብግቡእ ከምዝኸይድ ይገብር ከምኡድማ ኩሎም ኣካላት ነቲ መስርሕ ኣኽቢሮም ከምዝቕጽሉ ይገብር; ከምኡድማ
- እቲ ጉጅለ ጠመተኡ ኣብ ዐልዓኹምን ናይ ቆልዓኹም ጠለባትን ጌሩ ከምዝቕጽል ይገብር።

**ብዛዕባ ምስሳይ ክትዝክርዎም ዘለኩም ቀንዲ ነጥቢታት:**

- ምስሳይ ኣብ ወለንታ ዝተደረኸ እዩ።
  - — እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ናይቲ መስርሕ ኣካላት ክኾኑ ክስማዕምዑ ኣለዎም። እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ኣብቲ ኣኼባ መሳሰዪ ክህሉ ተስማዕሚዖም ማለት፣ ኣብቲ ኣኼባ ምስቲ ኣውራጃ ክትስማዕምዑ ወይከኣ እቲ ኣኼባ ከመይ ክኸውን ከምዘለዎ ክስማዕምዑ ናይ ግድን እዩ ማለት ኣይኮነን። ወለዲ ኩሉግዜ ናይ ባዕሎም ኣረኣእያታት ክህልዉዎም ፍቑድ እዩ።
- ኣብቲ ብመሳሰዪ ዝተኻየደ ኣኼባ ዝግበር ገለ ስምምዕ ብሓፈሻ ቀያዲ እዩ። እዚ ማለት እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ክልቲኦም ነቲ ብሓባር ዝተወሰነ ውሳነ ስዒቡ ዝገበሩዎ ስምምዕ ክኽተሉ ኣለዎም ማለት እዩ።
  - — እቶም ወለዲን እቲ ኣውራጃን ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ገምጋም ዝተፈራረሙዎ ሰነድ ወይከኣ IEP ምስቶም ኣብ ካልእ IEP ወይከኣ ኣብ ናይ ገምጋም ጉጅለ ኣኼባ ዝፍረሙ ሰነዳት ማዕረ ክብደት ኣለዎ።

ብዛዕባ ምስሳይ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንመርበብ ሓበሬታ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ተወከሱ: education.ohio.gov ሽዕኡ ***ምስሳይ ድለይ።***

***መሳሰዪ ንምሕታት***

እቲ ኣውራጃ ኣብቲ መስርሕ ክሳተፍ ድሉት ኣለዎ ድዩ ንምፍላጥ፣ ንናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ኣዘራርቡዎ፣ ______________________ ኣብ________________________. ክልቲኦም ኣካላት ኣብቲ ምስሳይ ክሳተፉ ምስተስማዕምዑ፣ ብኽብረትኩም ምስ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ኦሃዮ ተዘራረቡ:

- ብተሌፎን: (614) 466-2650, ወይከኣ ብናጻ መስመር (877) 644-6338; ወይድማ
- ብኢ.ሜይል: exceptionalchildren@education.ohio.gov።

## ዕርቂ



ዕርቂ ማለት እቶም ወሊድን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ዘይሻራዊ፣ ሳልሳይ ኣካል ሞያዊ ናብ ኣኼባኦም መጺኡ ብዛዕባ ትምህርቲ ናይቲ ስንኩል ተምሃራይ ወይከኣ ብዛዕባ እቲ ሰንክልና ክህልዎ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ተምሃራይ ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ ክሕግዞም ክሰማምዑ እንከለዉ ማለት እዩ። ሳልሳይ ኣካል ወይከኣ መታዓረቒ ማለት ናብ ሓዲኦም ዘየሻሩ ከምኡድማ ናይ ሓዲኦም ሰራሕተኛ ዘይኮነ ወይድማ ኣብ ክንዲ እቶም ወለዲ ወይ ኣብ ክንዲ እቲ ኣውራጃ ዘይሰርሕ ማለት እዩ። ዕርቂ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ እቲ ኣውራጃን ዘይምስምዕማዕ ኪጋጥም እንከሎ ከም መፍትሒ እትጥቀሙሉ ሓደ ምርጫ እዩ።

### ዕርቂ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ክኸውን እንከሎ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም

ዕርቂ ኣብ ዝኾነ እዋን ምሕታት ይከኣል እዩ። ዕርቂ ምስተሓተ፣ ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ናይ ግድን ኣብቲ መስርሕ ክትሳተፉ ክትስማዕምዑ ኣለኩም። ክልቴኹም ክትሳፉ እንድሕር ተሰማዕሚዕኹም፣ እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ነቲ ኣኼባኹም ዘሳስየልኩም መሳሰዪ ከምርጸኩም እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብ ምርጫ መሳሰዪ እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም፣ ባዕሉ እቲ OEC ሓደ ከምድብልኩም እዩ። እቲ መሳሰዪ እቲ ንጉዳይ ፍሉይ ትምህርቲ ቆልዓኹም ዝምልከት ጸገም ከመይ ክትፈትሕዎ ከምዘለኩም ከገድደኩም ኣይኽእልን። የግዳስ፣ እቲ መንጎኛ ብዛዕባ እቶም ዘሰክፉኹም ጸገማት ተዛቲኹም ፍታሕ ንኽተናድዩ ንኽልቴኹም ናይ ምሕጋዝ ስራሕ እዩ ዝሰርሕ።

ስሩዕ ጥርዓን ከተቕርቡ ወይከኣ ክሲ ክትምስርቱ እንድሕር ወሲንኩም ድማ (ገጽ 17-25 ረኣዩ)፣ እቲ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ መጀመሪያ ብዛዕባ ዕርቂ እንተትሓስቡ ክብል ከሓተኩም እዩ። ንስኹም ከምኡድማ እቲ ኣውራጃ ንዕርቂ ዋላሓንቲ ኣይክትከፍሉን ኢኹም።

## ሓፈሻዊ ምልከታ ናይ መስርሕ ዕርቂ

### ዕርቂ ምሕታት

ንስኹም ወይከኣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝኾነ ግዜ ዕርቂ ንምግባር ንዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ስሩዕ ጥርዓን እንድሕር ኣቕሪብኩም ወይከኣ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እንተሓቲትኩም፣ እቲ ዲፓርትመንት ዕርቂ ከም ፈላማይ ስጉምቲ ከቕርበልኩም እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ክልቴኹም መንጎኛ ክትጥቀሙ ክትስማዕምዑ ኣለኩም።

### መታዓረቒ ምረጹ ካብኡ ኣኼባ እትገብሩሉ መዓልቲ ቁረጹ

እቲ መተዓረቒ ዘይሻራዊ ሳልሳይ ኣካል እዩ። ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ናይ ግድን በቲ መንጎኛ ክትስማዕምዑ ኣለኩም። እቲ መንጎኛ ነቲ ኣኼባ ብቕልጡፍ ከዳልዎ እዩ። ነቲ መንጎኛ ዝኸፈል ክፍሊት እቲ ዲፓርትመንት እዩ ዝሸፍኖ።

### ናይ ዕርቂ ኣኼባ

ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ስክፍታታትኩም ተካፍሉ። እቲ መተዓረቒ ነቲ ግርጭት ክትፈትሑዎን ናብ ናይ መወዳእታ፣ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ክትመጹን ይሕግዘኩም። ብሓፈሻ፣ ኣብቲ ዕርቂ ዝተዘርበ ዋላ ሓደ ነገር ካብቲ ኣኼባ ወጻኢ ኣይፍነውን ወይከኣ ፍሉይ ነገር እንተዘየጋጢሙ ኣብ ናይ ቀጻሊ እዋናት ሕጋዊ ከይዲታት ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕልን።

### ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ

እቲ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ቀያዲን እቶም ወላዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ክልቲኦም ዝፈረሙሉን እዩ። ቀያድ ማለት እቶም ወላዲን እቲ ቤት-ትምህርቲን ናይ ግድን ክኽተልዎ ዝግበኦምን ቤት-ፍርዲ ከፈጽሞ ዝኽእልን ስምምዕ ማለት እዩ።

### ኣብ ስምምዕ ኣይተበጽሐን

እቲ ዕርቂ ስምምዕ ከምጽእ እንተዘይክኢሉ ንስኹም ድማ ናይ ክፍለግዝኣት ጥርዓን እንድሕር ኣእቲኹም፣ እቲ ጥርዓን ብቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ተምሃሮ መዕለቢ ይረክብ። እቲ ዕርቂ ስምምዕ ከምጽእ እንተዘይክኢሉ ንስኹም ከኣ ስሩዕ ክሲ እንድሕር መስሪትኩም፣ ቀጺሉ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ይመጽእ።



### እቲ መንጎኛ:

- ኩሉ ግዜ ዘይሻራዊ ሳልሳይ ኣካል ክኸውን ኣለዎ (ናብ ገሌኦም ከውግን የብሉን ከምኡድማ ናትኩም ወይ ናይቲ ኣውራጃ ሰራሕተኛ ክኸውን የብሉን);
- ውሳነታት ከውስን ኣይፍቀደሉን። የግዳስ፣ እቲ መንጎኛ ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን እቲ ንናይ ቆልዓኹም ትምህርቲ ዝምልከት ጸገም መፍትሒ ክተናድዩሉ እዩ ዝሕግዘኩም;
- ብጽሑፍ ኣብ ዝተዳለወ ናይ ዕርቂ ስምምዕ ውሳነ ንክትውስኑ ምሳኹምን ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ብምትሕብባር ይሰርሕ;
- እቲ ናይ ዕርቂ ኣኼባ ብግቡእ ከምዝኸይድ ይገብር ከምኡድማ ኩሎም ኣካላት ነቲ መስርሕ ኣኽቢሮም ከምዝቕጽሉ ይገብር;
- ኩሉ ሰብ ጠመተኡ ኣብቲ ቆልዓን ናይቲ ቆልዓ ጠለባትን ጌሩ ከምዝቕጽል ይገብር;
- ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ እቲ ኣውራጃን ዝርርብ ንኽጅመር ይሕግዝ።

### ብዛዕባ ዕርቂ ክትዝክሩዎም ዝግብኡ ቀንዲ ነጥቢታት

- **ዕርቂ ኣብ ወለንታ ዝተደረኸ እዩ።**
  - — እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ናይቲ መስርሕ ኣካላት ክኾኑ ክሰማዕምዑ ኣለዎም። እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ኣብቲ ዕርቂ ክሳተፉ ተሰማዕሚዖም ማለት፣ ኣብቲ ኣኼባ ምስቲ ኣውራጃ ክትሰማዕምዑ ወይከኣ እቲ ኣኼባ ከመይ ክኸውን ከምዝለዎ ክሰማዕምዑ ናይ ግድን እዩ ማለት ኣይኮነን።
- **ዕርቂ ሚስጢራዊ እዩ።**
  - — ኣብቲ ዕርቂ ዝተዘርበ ኩሉ ዘረባታት ብሓፈሻ ብሚስጢር (ስቱር) ዝተሓዝ ኮይኑ፣ ፍሉይ ነገር እንድሕር ዘይኣጋጢሙ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕልን።
- **ዝኾነ ኣብቲ ዕርቂ ዝግበር ናይ ጽሑፍ ስምምዕነት ቀያዲ እዩ። እዚ ማለት እቶም ወላዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ክልቲኦም ድሕሪ እቲ ናይ ሓባር ውሳነ ዝተገብረ ናይ ጽሑፍ ስምምዕ ክኽተሉዎ ይግባእ ማለት እዩ።**
  - — እቶም ወለዲን እቲ ኣውራጃን ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ገምጋም ዝተፈራረሙዎ ሰነድ ወይከኣ IEP ምስቶም ኣብ ካልእ IEP ወይከኣ ኣብ ናይ ገምጋም ጉጅለ ኣኼባ ዝፍረሙ ሰነዳት ማዕረ ክብደት ኣለዎ።

### ዕርቂ ንምሕታት

እቲ ኣውራጃ ኣብቲ መስርሕ ክሳተፍ ድሌት ኣለዎ ድዩ ንምፍላጥ፣ ንናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ኣዘራርቡዎ፣ ______________________ ኣብ________________________. ክልቲኦም ኣካላት ኣብቲ ኣኼባ ክሳተፉ ምስተሰማዕምዑ፣ ብኽብረትኩም ምስ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ኦሃዮ ተዘራረቡ:

- ብተሌፎን: (614) 466-2650, ወይከኣ ብናጻ መስመር (877) 644-6338; ወይድማ
- ብኢሜይል: [exceptionalchildren@education.ohio.gov](mailto:exceptionalchildren@education.ohio.gov)።



## ስሩዕ ስተይት ጥርዓን ምምላእ

ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ስክፍታ ክህልወኩም እንከሎ ክትጥቀሙሉ እትኽእሉ ካልእ ምርጫ ድማ ኣንጻር እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ካልእ መንግስታዊ ትካል ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ስሩዕ ጥርዓን ብጽሑፍ ምእታው እዩ።

### ስተይት ጥርዓን ንምምላእ እትኽፍሉዎ ክፍሊት የለን

ስተይት ጥርዓን ንምምላእ እትኽፍሉዎ ክፍሊት የለን። እቲ ናይ ስተይት ጥርዓን መስርሕ ነቲ ጸገም ካብ ከይዲ ክሲ ቤት-ፍርዲ ብዝቐልጠፈ ኣጋባብ ክፈትሕ እንከሎ ኣካታዓይነቱ (መፋጠጣይነቱ) እውን ካብ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝነኣሰ  እዩ። ስተይት ጥርዓን ንምእታው፣ ንስኹም ናይ ግድን ዝፈረምኩምሉ ናይ ጽሑፍ ጥርዓንኩም (እቲ ኦሪጂናል ሕታም) ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ክትልእኹ፣ ከምኡድማ ናይቲ ጥርዓን ቅዳሕ ብቐጥታ ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ክትልእኹ ኣለኩም።

እቲ ጥርዓንኩም ናይ ግድን ነቲ ተጣሒሱ እትብሉዎ ናይ ፌደራል ወይከኣ ናይ ክፍለግዝኣት ረቛሒ (ናይ ሕጋገ ትምህርቲ ስንኩላን ወይድማ ናይ ስርሒታዊ ስተንደርድታት ትምህርቲ ስንኩላን ህጻናት ኦሃዮ ግህሰት ዘርኢ ሓበሬታ) ዝገልጽ ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ጥርዓን ናይቲ ዝተጣሕሰ ንጹር ሕጊ ስም ወይ ዝርከበሉ ክፍሊ ዝጠቅስ ክኸውን ናይ ግድን ኣይኮነን፣ ይኹን እምበር እቲ ንስኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ረቛሒ ጥሕሰት እዩ እትብልዎ ዘለኹም እቲ ኣውራጃ ዝወሰዶ ንጹር ስጉምቲ ወይከኣ ክወስዶ እናተገበኦ ዘይወሰዶ ስጉምቲ ዝገልጽ ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ንስኹም እቲ ኣውራጃኹም ኣብ ልዕሊ እቲ ፍሉይ ትምህርቲ መግሃስቲ ፈጺሙ እዩ ክትብሉ ዘኽኣሉኹም ጥረ ሓቂታት ኣብቲ ጥርዓንኩም ከተጠቓልሉ ኣለኩም።

### ናይ ስተይት ጥርዓን ገምጋም

እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ብግቡእ ንዝተመልአ ጥርዓን ክግምግም ኣድላይ እንተኾይኑ ከኣ ክምርምርን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ንናይ ቆልዓኹም ትምህርቲ ዝትንክፍ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ረቛሒ ጥሒሱዶ ኣይጠሓሰን ከረጋግጽን እዩ። ብተወሳኺ፣ ካባኹም ወጻኢ ዝኾነ ሳልሳይ ኣካል ወይከኣ ካብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ ትካል ወይ ውድብ እቲ ኣውራጃ ንተማሃራይ ዝትንክፍ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ረቛሒ ግህሰት ፈጺሙ እዩ ዝብል እምነት እንተሃሊዩዎ ስተይት ጥርዓን ናብቲ ዲፓርትመንት ከእትው ይኽእል እዩ።

ስተይት ጥርዓን እቲ ግህሰት ካብ ዝተኸስተሉ ግዜ ኣትሒስካ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ዝኾነ እዋን ምእታው ይከኣል። ቅድሚ ሓደ ዓመት ዝተፈጥረ ግህሰት ዝምልከት ጥርዓን ግን ኣይምርመርን/መፍትሒ ኣይወሃቦን።



### ስሩዕ ስተይት ጥርዓን ከመይ ይቐርብ

ብዛዕባ ፍሉይ ትምህርቲ ስሩዕ ስተይት ጥርዓን ከተቕርቡ እንተደሊኹም፣ ናይ ግድን:

- እቲ ናይ ስተይት ጥርዓን ቅጥዒ መሊእኹም ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ተማሃሮ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ለኣኹዎ; ወይድማ
- ናይ ጥርዓን ደብዳበ ጸሓፍ; ወይድማ
- ናብ ቤት-ጽፈት ዲፓርትመንት ፍሉያት ህጻናት ብ 1-877-644-6338 ደዊልኩም ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ብሕታት፣ ነቲ ቅጥዒ መሊእኹም ናብቲ ዲፓርትመንት ኣእትዉዎ።

### ጥርዓንኩም ናበይ ክትልእኹዎ ይግባእ

ጥርዓንኩም ናይ ግድን ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ከምኡድማ ናብ ርእሰ-መምህር ናይቲ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ብሓደ ግዜ ክትልእኹዎ ኣለኩም።

እቲ ኦርጂናል ጥርዓን ናብ:

ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት
ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ክለኣኽ ኣለዎ
ጠመተ: ናብ ተሓጋጋዚ ዳሬክተር ክፍሊ ኣፈታትሓ ግርጭት
25 South Front Street
Mail Stop 409
Columbus, Ohio 43215-4183

### ምውንዛፍ (Abeyance)

ምውንዛፍ ኣብ ስተይት ጥርዓን ዘለዉ ጉዳያት ተወንዚፎም ክጸንሑ ምግባር ማለት እዩ። ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ኣብ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እንድሕር ተሳቲፍኩምሚ፣ ወይ ንስኹም ወይ እቲ ኣውራጃ ካብዚ ብተወሳኺ ስተይት ጥርዓን እንድሕር ኣእቲኹም፣ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ነቲ ስተይት ጥርዓን ኣወንዚፉዎ ክጸንሕ እዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፣ እቲ ዲፓርትመንት እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክሳዕ ዝዛዘም ስተይት ጥርዓንኩም ከይረኣዮ ክጸንሕ እዩ። ናይ ከይዲ መስማዕ ክሲ መስርሕኹም እንድሕር ሰሪዝኩምዎ፣ እቲ ዲፓርትመንት ነቲ ተወንዚፉ ዝነበረ ስተይት ጥርዓን ኣልዒሉ ንጥርዓንኩም መፍትሒ ክህብ ክጅምር እዩ።

እቲ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እንድሕር ተኻይዱን እቲ ዘይሻራዊ ሓላፊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ (IHO) ውሳነ እንድሕር ሂቡሉን፣ እቲ ዲፓርትመንት ነቲ ተወንዚፉ ዝነበረ ጥርዓንኩም ርእዩ መፍትሒ ክናዲ ዝኽእል ኣብቲ ጥርዓንም በቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ መፅለቢ ዘይረኸቡ ትሕዝታት እንተሃልዮም ጥራይ እዩ።



### ኣብ ስተይት ጥርዓን ክተጠቓልሉዎም ዝግቡኡኹም ነገራት ዝርዝር

- እቲ ናይ ዲስትሪክት ቤት-ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ፌደራል ወይ ናይ ክፍለግዝኣት ፍሉይ ትምህርቲ ረቛሒ ፈጺሙዎ እትብልዎ ግህሰት ዝገልጽ ትሕዝቶ።
- ነቶም ጥርዓንኩም ዝተደረኹሎም ጥረ ሓቂታት ሓዊሱ ዝሓዘ ናይቲ ጸገም መብርሂ።
- ናይ ኣድራሻኻ ሓበሬታን ኦርጂናል ፊርማኻን።
- ኣብ ልዕሊ ገለ ተምሃራይ ዝተኸሰተ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ግህሰት ኣሎ ትብሉ እንድሕር ኣለኹም:
  - ናይቲ ተምሃራይ ስምን ዝነብረሉ ኣድራሻን፤
  - ናይቲ እቲ ተምሃራይ ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ስም፤
  - ንገዛ ኣልቦ ህጻን ወይ መንእሰይ ብዝምልከት (ብመሰረት ሕጋገ ደገፍ ገዛኣልቦ McKinney-Vento) ዝረኸብኩምዎ ናይቲ ተምሃራይ ናይ ኣድራሻ ሓበሬታ ከምኡድማ ናይቲ እቲ ተምሃራይ ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ስም፤
  - ናይቲ ጸገም ባህሪ ዝገልጽ መብርሂ፣ እንኮላይ ምስቲ ጸገም ዝተኣሳሰሩ ጥረ ሓቂታት፤ ከምኡድማ
  - እቲ ጥርዓን ኣብ ዝቐረበሉ እዋን isነቲ ጸገም ክም መፍትሒ ዝቐረበ ሓሳብ።
- እቲ ጥርዓን ንስኹም ብፋክስ ወይ ብኢሜይል ክትልእኹዎ መታን ከይትኽእሉ ናይ ግድን ናትኩም ኦርጂናል ፊርማ ክህልዎ ይግባእ።
- ናይ መን ምሺኖም ዘይፍለጡ ጥርዓናት ተቐባልነት ኣይረኽቡን።

## ናይ ስተይት ጥርዓን መስርሕ

እቲ ዲፓርትመንት ናትኩም ስቴት ጥርዓን ምስተቐበለ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ረቛሒታት ፍሉይ ትምህርቲ ዝተኸስተ ግህሰት(ታት) ከግምግሞ ኣድላይ እንተኾይኑ ድማ ክምርምሮ ክጅምር እዩ። እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ናይ ግድን ነቲ ጥርዓን ካብቲ ዝቐረበሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 60 ናይ ስራሕ መዓልቲ መዕለቢ ክገብረሉ ኣለዎ።

ከም ኣካል መስርሒ ናይቲ ጥርዓን፣ እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት:

- ጥርዓንም ገምጊሙ ነቶም ኣብ ጥርዓንም ዝተገልጹ ግህሰታት ክፈትሕ ስልጣኑ ዝፈቐደሉ እንተድኣ ኮይኑ መዕለቢ ክገብረሎም እዩ፤
- ንዓኹምን ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ነቶም መዕለቢ ክገብረሎም ዝኽእል ግህሰታት መዕለቢ ክገብረሎም፣ ከምኡድማ ክምርምሮም (ኣድላዪ እንተኾይኑ ከኣ) ከምዝኾነ ብጽሑፍ ክነግረኩም እዩ፤
- ንዓኹምን ነቲ ኣውራጃን ንክልቴኹም ከም መማረጺ ዕርቂን ምስሳይን ክቐርበልኩም እዩ፤
- ብዛዕባ እቶም ኣብቲ ጥርዓን ዝተጠቕሱ ግህሰታት ካባኹምን ካብቲ ኣውራጃን ዝያዳ ሓበሬታ ኩሓትት፤
- ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ዘቕረብኩምዎም ተወሰኽቲ ሰነዳትን ሓበሬታታትን ክግምግም፣ ብሌዎን ቃለመሕተታት ክገብር ከምኡድማ ኣድላዪ እንድሕር ኮይኑ ናይ ቆልዓኹም ኣውራጃ ክበጽሕ ይኽእል እዩ፤
- ነቲ ኣውራጃኻ ንጥርዓንካ ምላሽ ክህብን ፍታሕ ክቕርብን ዕድል ክህቦ እዩ፤ ከምኡድማ
- ናባኹምን ናብቲ ኣውራጃን ኣብ ልዕሊ እቲ ፍሉይ ትምህርቲ ግህሰት ተፈጺሙዶ ኣይተፈጸመን (ገምጋሙ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ምርመራኡ ምስዛዘመ፣ ካብታ ጥርዓን ዝተቐበለለ መዓልቲ ኣትሒዝካ ኣብ ውሽጢ 60 ናይ ስራሕ መዓልቲ) ንዝብል ጉዳይ ዝተውሃበ ውሳነ ዝገልጽ ደብዳበ ክልእኽልኩም እዩ።

### ናይ ግዜ ሰሌዳ ምንዋሕ

እቲ ዲፓርትመንት ናይ ግዜ ሰሌዳ እንድሕር ተናዊሑሉ ነቲ ጥርዓን መፍትሒ ንምግባርን ነቲ ናይ ውሳነ ደብዳበ ንምድላውን ልዕሊ 60 መዓልቲ ክወስድ ይኽእል እዩ። ነቲ ጥርዓን ፍታሕ ንምሃብ እቲ ናይ 60-መዓልቲ ግዜ ክናዋሕ ዝኽእል:

- ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን እቲ ጸገም ብዕርቂ፣ ብምስሳይ ወይድማ ብካልእ ናይ ግርጭት ኣፈታትሓ ሜላ ክትፈትሕዎ ክትፍትኑ መተና ተወሳኺ ግዜ ክትምድቡ ክትስማዕምዑ እንክለኹም፤ ወይድማ
- ፍሉያት ኣጋጣሚታት (ኣብ ሕድሕድ ኣጋጣሚ ብቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ይውሰን) ክህልዉ እንክለዉ።

### ዘይግቡእ ኣመላልኣ

እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት እቲ ጥርዓንኩም ኩሎም እቶም ክፍትሑ እትደልዩዎም ጸገማት ዝሓዘን ብግቡእ ዝተመልአን ከምዘይኮነ እንድሕር ኣረጋጊጹ፣ ወይድማ እቲ ቤት-ጽሕፈት ህጻናት ነቲ ጥርዓን ክምርምር ስልጣን እንድሕር ዘይብሉ፣ እቲ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘለዎ ደብዳበ ክሰደልኩም እዩ: ስለምንታይ ጥርዓንኩም ኣብ ምፍታሕ ንቕድሚት ክስጉም ከምዘይከኣለ፣ ኣብዚ ውሳነ ክበጽሕ ዘኽኣሉዎ ምኽንያታት፣ ጥርዓንኩም ክርእየልኩም እንተኾይኑ እንታይ ሓበሬታታት ኣማሊእኩም ሓድሽ ጥርዓን ከተእ ደብዳበ።

### ጥርዓን ከምብሓድሽ ምእታው

እቲ ጥርዓን ሓድሽ ሓበሬታ ብምውሳኽ ከምብሓድሽ ከተእትዉዎ እንተኾንኩም፣ እቲ ጥርዓንኩም ካብታ እቲ ግህሰት ዝተፈጸመላ ዕለት ኣትሒዝኩም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ናብ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮን ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ክትሰዱዎ ኣለኩም። ብናይቲ ዲፓርትመንት ስልጣን ክፍትሑ ዘይኽእሉ ጉዳያት ኣብቲ ጥርዓንኩም እንድሕር ኣእቲኹም፣ እቲ ዲፓርትመንት ከከም ግቡእነቱ ነቶም ጉዳያት ክፈትሑ ናብ ዝኽእሉ ኣካላት ክሰደኩም እዩ።

### ጥርዓን ምቕራብ

- እቲ ተኸሲቱ ዝተባህለ ግህሰት ካብ ዝተፈጸመሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ጥርዓን ይቐርብ።
- እቶም ወላዲ ኦርጂናል ናብ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ቅዳሕ ድማ ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ የረክቡ።
- እቲ ጥርዓን ዘቕርብ ኣካል ኣብ ልዕሊ እቶም ረቛሒታት ግህሰት ከምዝተፈጸመ ዝገልጽ ክሲ ብመርትዖታት ኣሰንዩ የቕርብ።

### ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ነቲ ጥርዓን ይገምግሞ

- እቲ ዲፓርትመንት ናብቲ ጥርዓን ዘቕረበ ውልቀሰብን ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ናይ ምስጋና ደብዳበ ይልእኽ።
- እቲ ጥርዓን ዘቕርብ ሰብ ብግቡእ ዝተመልአ ጥርዓን እንድሕር ዘይኣእትዩ፣ ወይከኣ እቲ ዲፓርትመንት ነቲ ጥርዓን ክፈትሕ ስልጣን እንድሕር ዘይብሉ እቲ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ እቲ ጥርዓን ጎደሎ ከምዝኾነ ዝገልጽ ደብዳበ ይልእኽ።

### መፍትሒ

- እቲ ዲፓርትመንት ኩሎም ሰነዳት ይግምግምን ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ተወሰኽቲ ሰነዳት/ሓበሬታ ይሓትት።
- እቲ ዲፓርትመንት ከከም ኣድላይነቱ ቃለመሕተት ክግበረሉም ዝግብኡ ሰባት ቃለመሕተት ይገብር።

### እቲ ዲፓርትመንት ናይ ግምገማ ወይ ምርመራ ውጽኢታቱ ብደብዳበ ይልእኽ።

- እቲ ዲፓርትመንት ንሓድሕድ ክሲ ገምጊሙ ኣብ ልዕሊ እቲ ፍሉይ ትምህርቲ ዝተፈጸመ ግህሰት ምህላዉን ዘይምህላዉን ኣመልኪቱ ውሳነ የሕልፍ።
- እቲ ዲፓርትመንት እቲ ኣውራጃ ግህሰት ፈጺሙ እንድሕር ተረኺቡ ክወስዶም ዝግብኡ መእረምታታት ይነግሮ።



## ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ምምላእ

ወለዲ ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዘሰሓሕቦም ንናይ ቆልዓኦም ፍሉይ ትምህርቲ ዝምልከት ጸገማት ንምፍታሕ ክጥቀሙሉም ካብ ዝኽእሉ መንገዲታት እቲ ሓደ ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ክሲ ምምስራትን ናይዚ ቅዳሕ ከኣ ናብ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ምእታውን እዩ። እዚ ክትገብሩ እንከለኹም ጥርዓንኩም ብስሩዕ መስርሕ ሕጊ (ሕቶ መስርሕ ክሲ ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ) ክረኣየልኩም ሓቲትኩም ኣለኹም ማለት እዩ። ብስሩዕ መስርሕ ክሲ ክረኣየሎም ክሓቱ ዝኽእሉ ካልኦት ኣካላት እውን ኣለዉ:

- ተመሃራይ፣ እንተወሓደ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ እንተኾይኑ፤
- ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ፤ ወይድማ
- ካልኦት መንግስታዊ ናይ ትምህርቲ ትካላት።



### መንቀሊታት ክሲ

ምስ ናይ ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ብዝምልከት
ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ስሩዕ ናይ ሕጊ ክሲ ምቕራብ ይከኣል:

- ጉድእ ኣካል ዝኮነ ቆልዓ ምልላይ፤
- ጉድእ ኣካል ዝኮነ ቆልዓ ምግምጋም፤
- ናይቲ ስንክልና ዘለዎ ቆልዓ ትምህርታዊ ምደባ፤ ወይድማ
- ነቲ ቆልዓ ዝኸውን ግቡእን ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነን (FAPE) መንግስታዊ ትምህርቲ ምሃብ።

ናይቲ መስርሕ ስሩዕ ሕጋዊ ክሲ ኣብ ግህሰት ናይ ፌደራል ወይ ናይ ክፍለግዝኣት ረቛሒታት ፍሉይ ተምህርቲ ዝተደረኸ ክኸውን ዘለዎ ኮይኑ ናይ ግድን እቶም ወላዲ (ወይ ነቲ ጥርዓን ዘቕርብ ዘሎ መንግስታዊ ትካል) ነቲ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ግህሰት ካብ ዝፈለጡሉ ክፈልጥሉ ይግብኦም ካብ ዝነበረ ዕለት ኣትሒዞ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክቕርብ ኣለዎ። እቲ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ናይ ሕጋዊ መስርሕ ክሲ ሕቶ ክቐርበሉ እንከሎ፣ እቶም ወለዲን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ኣብቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ናይ ምስታፍ ዕድል ክረኽቡ ናይ ግድን እዩ። እቲ ብመስርሕ ስሩዕ ክሲ ዝግበር ከይዲ ምስማዕ ክሲ እቲ ዲፓርትመንት ነቲ ጥርዓን ክፈትሕ ብዝመደቦ ዘይሻራዊ ሞያዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝካድ ስሩዕ ከይዲ እዩ።

### ክማላእ ዘለዎ ሓበሬታ

እቲ ዲፓርትመንት እቲ መስርሕ ስሩዕ ክሲ ዝምለኣሉ ቅጥዒ የቕርብ። እቲ ሕቶ ዘቕርብ ሰብ ወይ መንግስታዊ ትካል ናይቲ ዲፓርትመንት ቅጥዒ ክጥቀም የብሉን፣ ይኹን እምበር እቲ ሰብ ወይ ትካል እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓኑ ክቕርብ እንከሎ ነዚ ተደላዪ ሓበሬታ ክሓውስ ኣለዎ:

1. ናይቲ ተመሃራይ ስም፤
2. ናይቲ ተመሃራይ ኣድራሻን ዝርከበሉ ሓበሬታን፤
3. ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ኣውራጃ ስም፤
4. ቆልዓኹም ገዛ ኣልቦ እንተኾይኑ ድማ፣ ዝተረኸበ ንቖልዓኹም ዝምልከት ሓበሬታን ናይቲ ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ስምን፤
5. ናይቲ ንቆልዓኹም ዝምልከት ንጹር ስክፍታ መብርሂ፣ ከምኡድማ ነቲ ጸገም ዘራጉዱ መርትዖታት፤ ከምኡድማ
6. ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ዝቐረቡ ሓሳባት ወይ ሓበሬታታት።

እቲ ናይ መስርሕ ስሩዕ ክሲ ጥርዓን ልክዕ ከምቲ ናይ ስቴት ጥርዓን(ገጽ 18 ረኣይ)ዝርዝር ሓበሬታ ክሕዝ ኣለዎ፣ ይኹን እምበር ኦሪጂናል ፎርማ ግን ኣየድሊን። ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ናብቲ ዲፓርትመንትን ብኣካል፣ ብፖስታ፣ ፋክስ ወይ ኢሜይል ክቕርብ ይኽእል። ኣብቲ ኦሪጂናል ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ጥርዓንካ ዘይተጠቕሱ ጉዳያት ኣብ እዋን እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ በቲ ሰማዒ ክሲ ክግምገሙ ኣይኽእሉን።

### ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ምምሕያሽ

ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ምምሕያሽ እቲ ጥርዓን ናብ ዲፐርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ምስኣተወ ዝግበር ምምሕያሽ እዩ። ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓንካ ከተመሓይሾ እትኽእል:

- እቲ ካልእ ኣካል በቲ ዝተመሓየሸ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ከምዝስማዕማዕ ብጽሑፍ እንተገሊጹ፣ ከምኡድማ ነቲ ጥርዓን ብናይ ግርጭት ኣፈታትሓ ኣኼባታት ክፈትሖ ዕድል እንድሕር ተዋሂቡዎ (ናይ ግርጭት ኣፈታትሓ ኣኼባ ኣብ ገጽ 23 ተገሊጹ ኣሎ)፤ ወይድማ
- እቲ ዘይሻራዊ ሞያዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እንድሕር ፈቒዱ። እቲ ሰማዒ ክሲ እቲ ከይዲ ምስማዕ ቅድሚ ምጅማሩ ቅድሚ ሓሙሽ መዓልቲ እምበር ድሕሪኡ ፍቓድ ክህብ ኣይኽእልን።

## ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ናይ ግዜ ሰሌዳን ከይዲን

ኣንጻር ናይ ቆልዓኹም ኣውራጃ ስሩዕ መስርሕ ክሲ እንድሕር መስሪትኩም፣ ክሲ ካብ ዝመስረትኩምሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ፣ እቲ ኣውራጃ ናይ ግድን ነቲ ተፈጺሙ ዝተባህለ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ግህሰት ዝምልከት ምላሽ ክህበኩም ኣለዎ (ገጽ 9 ረኣዩ)። እቲ ኣውራጃ ዝህበኩም ቅዱም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ናይ ግድን እዞም ዝስዕቡ ከማልእ ኣለዎ:

- ነቲ እትጠርዑሉ ዘለኹም ጉዳይ ዝምልከት መብርሂ። እዚ እቲ ኣውራጃ ከወስዶ ዝደሊ ወይከኣ ክነጽጎ ዝደሊ ስጉምቲ ክኸውን ይኽእል። ብተወሳኺ እቲ ኣውራጃ ምላሽ ክህብ እንከሎ ስለምንታይ ነቲ ስጉምቲ ክወስዶ ወይ ክነጽጎ ከምዝደለየ ክገልጽ ኣለዎ፤
- ቆልዓኹም ንምግምጋም ዝተጠቐመሎም ኩሎም ሜላታት ዝምልከት መብርሂ፣ እቲ ኣውራጃ ነቲ ስጉምቲ ንምውሳድ ወይ ንዘይምውሳድ ዝተጠቐመሎም መዝገባትን ንቖልዓኹም ዝምልከቱ መዝገባትን ዝምልከት መብርሂ፤
- እቲ ናይ IEP ጉጅለ ንቆልዓኹም ብዝምልከት ኣብ ግምት ኣእትዩዎም ዝነበረ ምርጫታትን ስለምንታይ ነዞም ምርጫታት ከምዝነጸጎም ዝገልጽ ምኽንያት(ታት)፤ ከምኡድማ
- ካልኦት እቲ ኣውራጃ ስጉምቲ ንምውሳድ ወይ ንዘይምውሳድ ዝወሰኖ ውሳነ ዝጸለዉ ኣገደስቲ ምኽንያታት ዝገልጽ መብርሂ።

ብተወሳኺ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ ብናጻ ወይከኣ ብትሑት ዋጋ ዝወሃብ ናይ ሕጊ ደገፍን ካልኦት ንስኹም ክትጥቀሙሎም እትኽእሉ ኣገደስቲ ኣገልግሎታትን ሓበሬታ ክህበኩም ኣለዎ።

ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ከም ወላዲ ኣብ ልዕሊኹም እንድሕር ተኸፊቱ፣ ነቲ ክሲ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምላሽ ክትህቡ ኣለኩም። እቲ ምላሽኩም ብምጁር ነቶም ኣብቲ ክሲ ዝተልዓሉ ጉዳያት ዝምልከት ክኸውን ኣለዎ።

### ምሉእነት

እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ሙሉእ ክበሃል (ማለት ብግቡእ ተመሊኡ) ዝኽእል እቲ ካልእ ኣካል እቲ ዝቐረበ ክሲ ናይ ኣቀራርባ ረቛሒታት ዘማለአ ኣይኮነን ክብል ነቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ከምኡ ድማ ነቲ ከሳሲ እንድሕር ተቓውሞኡ ዘይገሊጹ እዩ (ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ሙሉእ ኣይኮነን)። እቲ ካልእ ኣካል ናይ ግድን ካብቲ እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ዝቐረበሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ እቲ ክሲ ሙሉእ ኣይኮነን ዝብል ተቓውሞኡ ክገልጽ ኣለዎ።

ንኣብነት፣ ንስኹም ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ እንድሕር ኣቕሪብኩምሞ (ከምኡድማ ናብ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ቅዳሕ እንድሕር ልኢኽኩም)፣ እቲ ኣውራጃ እቲ ክሲ ብግቡእ ዝተመልአ ከምዘይኮነ ዝገልጽ ተቓውሞ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብቲ ሰማዒ ክሲ ብጽሑፍ እንድሕር ዘይኣእትዩ፣ እቲ ክሲ ሙሉእ ተጌሩ ይውሰድ። ሽዕኡ፣ እቲ ሰማዒ ክሲ ካብታ ናይ ኣውራጃኹም ናይ ጽሑፍ ምልክታ ዝተቐበለላ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ እቲ ንስኹም ዘቕረብኩምዎ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ሙሉእ ድዩ ኣይሙሉእን ክውስን ኣለዎ (እቲ ኣብ ገጽ 21 ዝርከብ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ረቛሒታት የማልእዶ ኣየማልእን ገምጊሙ ይውስን)። ብተወሳኺ እቲ ሰማዒ ክሲ ናባኹምን ናብቲ ኣውራጃን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ደብዳበ ብምልኣኽ ውሳነ ከፍልጠኩም ኣለዎ።

እቲ ሰማዒ ክሲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲኹም ሙሉእ ኣይኮነን ክብል እንድሕር ወሲኑ፣ መሊስኩም ሓድሽ ክሲ ክትመልኡ ወይከኣ ነቲ ኣእቲኹሞ ዝነበርኩም ክሲ ከተመሓይሹዎ ዕድል ኣለኩም፣ እዚ ዝኸውን ግን እቲ ኣውራጃ እንድሕር ተስማዕሚዑን ነቲ ኩነታት ብናይ ኣፈታትሓ ጸገም ኣኼባ ክፈትሖ ዕድል ተዋሂቡዎ እንተኔሩን ወይድማ እቲ ሰማዕ ክሲ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ቅድሚ ምጅማሩ እንተወሓደ ቅድሚ ሓሙሽተ መዓልቲ እንድሕር ፍቓድ ሂቡ እዩ።

እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲኹም ብግቡእ ኣዕሪኹም፣ እቲ ዘዕረኹምዎ ክሲ ምስ ኣእተኹምዎ እቲ ናይ 30-መዓልቲ ፍታሕ መውሃቢ ግዜ (ገጽ 23 ረኣይ) ሽዑኡ ይጅምር።

## ስሩዕ መስርሕ ኣፈታትሓ ግርጭት

### ፍታሕ መውሃቢ ግዜ

እቲ ፍታሕ መውሃቢ ግዜ ኣብ መንን እቲ ክሲ ዘእተኹምሉ ግዜን እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ብጭቡጥ ዝጅመረሉ ግዜ ዘሎ እዋን እዩ። እቲ ፍታሕ መውሃቢ ግዜ እቲ ንፍሉይ ትምህርቲ ዝምልከት ዘይምቅድዳው እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ብዕሊ ቅድሚ ምጅማሩ እናተረኽብኩም ንፍታሕ እትፍትኑሉ ካልእ ዕድላት እውን ይህብ እዩ። ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ኣእቲኹም ከተብቅዑ ኣብቲ መስርሕ ኣፈታትሓ ክትርከቡ እንተዘይክኢልኩም፣ እዚ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝጅመረሉ እዋን (ተወሳኺ ኣብ ታሕታይ ዘሎ ናይ ግዜ ሰሌዳ ተወከሱ) ከደናጉዮ እዩ።

እቲ ናይ ኣፈታትሓ ግዜ ካብቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ዝኣተወሉ ዕለት (ወይድማ እቲ ክሲ ብግቡእ ካብ ዝተመሓየሸሉ ዕለት ኣትሒዝካ) ኣትሒዝካ 30 መዓልቲ እዩ። እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣድራሻ ነቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዓኹም ብዘዕግብ ኣገባብ እንድሕር ዘይፈቲሑዎ፣ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክቕጽል ይኽእል እዩ። እቲ 30-ናይ ፍታሕ ግዜ እንድሕር ተወዲኡ፣ እቲ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ንኽካየድን እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ውሳነ ንክውስንን 45-መዓልቲ ይወሃቦ (ገጽ 24 ረኣይ)፣ እዚ ዝኸውን ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ንጸገምኩም ድሕሪ እቲ 30 መዓልቲ ብዕርቂ ክትውድኡዎ ክትፍትኑ እንድሕር ዘይተሰማዕሚዕኹም እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብ ውሽጢ እተን 30 መዓልቲ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሑ ከምዘይክኣልኩም ብጽሑፍ እንድሕር ኣፍሊጥኩም እቲ 30-ናይ ፍታሕ መዓልቲ ቀዲሙ ክውዳእ ይኽእል እዩ።

ኣብቲ 30-ናይ ፍታሕ መዓልቲ፣ ከምኡድማ እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ካብ ዝተቐበልናሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ዘሎ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ግድን ናይ ፍታሕ ኣኼባ ክዳልው ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ ነቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ኣብ ውሽጢ እተን 15 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ከካይዶ እንተዘይክኢሉ፣ ወይድማ ኣብቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ እንድሕር ዘይተሳቲፉ፣ እቲ ሰማዒ ክሲ ነቲ ናይ 45-መዓልቲ ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ግዜ ክጅምሮ ክትሓቱዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኣውራጃ ነቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ እንድሕር መሊኡዎ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ክዳሉ ኣይግደድን።

### ናይ ፍታሕ ኣኼባ

ናይቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ዕላማ ንዓኹም ብዛዕባ እቶም ኣብቲ ጥርዓን ተጠቒሶም ዘለዉ ጸገማት እትዝትዩሉ ዕድል ንምሃብ ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ድማ ምሳኹም ኮይኑ ፍታሕ ዘናድየሉ ዕድል ንምሃብ እዩ። ናይ ፍታሕ ኣኼባ ናይ ምድላው ሓላፍነት ናይቲ ኣውራጃ ክኸውን እንከሎ ንስኹም ከኣ ኣብኡ ናይ ምስታፍ ሓላፊነት ኣለኩም። ኣብቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ እንድሕር ዘይተሳቲፍኩምሞ እቲ ኣውራጃ ከኣ ዘይምስታፍኩም መዝገቡ እንተሒዙዎ፣ እቲ ኣውራጃ እቲ ሰማዒ ክሲ ነቲ ዘቕረብኩምዎ ናይ ስሩዕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ኣብ መወዳእታ እቲ 30-መዓልቲ ክስርዞ ክሓቶ ይኽእል እዩ።

ንስኹምን እቲ ናይቲ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ኢኹም ኣየኖት ናይቲ IEP ጉጅለ ኣባላት ኣብቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ክሳተፉ ከምዘለዎም ትውስኑ። እዚ ኣኼባ ናይ ግድን ነቲ ነቲ ኣውራጃ ወኪሉ ውሳነታት ክውስን ዝኽእል ናይቲ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ተወካሊ ክሓውስ ኣለዎ።

ንስኹም ናትኩም ናይ ሕጊ ምያዊ ኣብቲ ኣኼባ ክሳተፍ እንድሕር ዘይመሪጽኩም ናይቲ ኣውራጃ ናይ ሕጊ በዓልሞያ ኣብቲ ኣኼባ ኣይሳተፍን። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ነቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ክትስርዙዎ ብጽሑፍ እንድሕር ዘይተሰማዕሚዕኹም ወይከኣ ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ዕርቂ ክትጥቀሙ እንድሕር ዘይመሪጽኩም እቲ ኣኼባ ኣብ መስርሕ ኣፈታትሓ እቲ ጸገም ናይ ግድን ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘለዎ ከይዲ እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን እንድሕር ተሰማዕሚዕኹም ድሕሪ እቲ 30-ናይ ፍታሕ መዓልቲ ናብ ዕርቂ ከተምርሑ ይፍቀደልኩም እዩ። እዚ ምስ ትገብሩ እቲ 45-ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ መዓልቲን እቲ ውሳነ መውሃቢ ናይ ግዜ ሰሌዳን ከይተጀመረ ይጸንሕ።

ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ጸገምኩም ኣብቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ እንድሕር መዕለቢ ጌርኩሙሉ፣ ክልቲኹም እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘለዎ ቀያዲ ውዕል ክትፈራረሙ ኣለኩም:

- ሕጂ ብጽሑፍ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ዝገልጽ;
- ብኣኹምን ብተወካሊ ናይቲ ኣውራጃን ዝተፈረመ እዩ; ከምኡድማ
- ቤት-ፍርዲ ከፈጽሞ ዝኽእል እዩ

ሕጋዊ ቀያዳይ ማለት ንስኺም ወይ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ውዕል ምስ ዘይተኽብሩ፣ ከተኽብሩዎ ብቤት-ፍርዲ ትግደዱ ማለት እዩ።

ንስኹም ወይከኣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ስምምዕ ምስተፈራረምኩም እንድሕር ተናሲሕኹም፣ ካብታ ዝተፈራምኩምላ ዕለት ኣትሒዝኪም ነቲ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክትስርዙዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ብዛዕባ እቲ ናይ ስሩሕ መስርሕ ሕጊ ክሲ ቅድሚ እቲ 30-ናይ ፍታሕ መዓልቲ ምውድኡ እንድሕር ተሰማዕሚዕኹም፣ እቲ ክሲ ክዕጾ እዩ፣ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ድማ ኣይካየድን።

## እቲ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ

እቲ ስሩዕ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ንዓኹምን ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ምቹእ ኣብ ዝኾነ ቦታ ግዜን ክካየድ ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ከይዲ እቲ ምስማዕ ክሲ ኣብ መንጎኹም ምዝርራብ ዘድሊ እንተኾይኑ፣ እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ንዓኹምን ነቲ ኣውራጃን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ክረኽበኩም እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኩሉ ኣብ መንጎኹም፣ ኣብ እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ንዓኹምን ነቲ ኣውራጃን ብሓባር እምበር በበይንኹም ኣይረኽበኩምን ማለት እዩ።

እቲ 45-ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ መዓልቲ (ከምኡድማ እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ውሳነ ንክውስን) እቲ 30-ፍታሕ መዓልቲ ምስተወደአ ወይድማ ካብ ክልቲኦም ሓዲኦም ምስተኻየዱ ይጅምር:

- ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ናይ ፍታሕ ኣኼባ ከይትገብሩ (ንዘይምግባር) ብጽሑፍ ትሰማምዑ; ወይድማ
- ብዛዕባ እቲ ጸገም ኣብ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ወይድማ ኣብ ዕርኪ ክትዝትዩ ምስጀመርኩም፣ ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብ ስምምዕ ምብጻሕ ከምዘይከኣል ብጽሑፍ እንድሕር ተሰማዕሚዕኹም; ወይድማ
- ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ብዕርቂ ፍታሕ ከተናድዩ መታን ክትፍትኑ ካብቲ 30-ናይ ፍታሕ መዓልቲ ንላዕሊ ክትከዱ እንድሕር ብጽሑፍ ተሰማዕሚዕኹም ወይከኣ ንስኹም ወይ እቲ ኣውራጃ ካብቲ ናይ ዕርቂ ከይዲ እንድሕር ወጺእኹም።

እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ካብ ሓዲኹም ኣካላት ኣብ ውሽጢ እቲ 45 ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ግዜ ኣብ ዝቐረበሉ ሕቶ ተደሪኹ ተወሳኺ ሰዓት ክህበኩም (ወይከኣ ብኻልእ ኣገላልጻ ከናውሐልኩም) እንድሕር ዘይወሲኑ፣ እዚ ዝስዕብ ይኸውን:

- እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ናይ ግድን ይካየድ;
- ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ውሳነ ናይ ግድን ክውሰን ኣለዎ; ከምኡድማ
- ናይቲ ውሳነ ቅዳሕ ብሰርቲፋይድ ፖስታ ናባኹምን ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ከምኡድማ ዲፓትርመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ክለኣኽ ኣለዎ።

እንተወሓደ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ቅድሚ ምክያዱ ቅድሚ ሓሙሽተ መዓልቲ፣ ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ኣብቲ መቃልዒ ኮንፈረንስ ክትሳተፉ ኣለኩም። እዚ ዘተ ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ኣብቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝቐርብ ሓበሬታ ከምዝሓዝኩም ንምርግጋጽ ዝግበር እዩ።



### እቲ ስሩዕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ብዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ እዩ ዝካየድ

እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን መዕለቢ ክረክብ እንተዘይከኢሉ፣ ናብ ስሩዕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ይኸይድሞ ብዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ይረኣይ። እቲ ሰማዒ ክሲ ናይ ግድን ብዲፓርትመንት ትምህርቲ ዝሰልጠነ በዓልሞያ ሕጊ ክኸውን ኣለዎ።

ናይቲ ሰማዒ ክሲ ክፍሊት እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እዩ ዝሸፍኖ፣ ይኹን እምበር እዚ ውልቀሰብ ዘይሻራዊ መንጎኛ እዩ። ንሱ ወይ ንሳ በቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ወይከኣ ብኻልእ ኣብ ትምህርቲ ዝነጥፍ ትካል ዝተቖጽረ ሰራሕተኛ ኣይኮነን ከምኡድማ ናብ ሓዲኦም ኣካላት ክውግን ዘኽእሎ ውልቃዊ ረብሓ ወይ ድሌት ዘይብሉ እዩ።

ብተወሳኺ ን IDEA ሓዊሱ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ረቛሒታት፣ ናይ ፌደራልን ክፍለግዝኣትን ሕጊታት ከምኡድማ ስሪታትን ኣብያተ-ፍርዲ ንናይ ፍሉይ ትምህርቲ ጉዳያት ከመይ ከምዝትርጉምዎም ብዝምልከት ጽቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎ እዩ።

ድሕሪ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ፣ እቲ ሰማዒ ክሲ ኣብ ስተንዳርድ ኣሰራርሓታት ሕጊ ተደሪኹ ውሳነ ክጽሕፍ እዩ። ኣውራጃኹምን ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮን ናይ ሰማዕቲ ክሲን ሞያታቶምን ዝርዝር ክህበኩም ይኽእል እዩ፣ ወይከኣ ናብ education.ohio.gov ኬድኩም ሰማዕቲ ክሲ ዝብሉ ቀንዲ ቃላት ብምድላይ *እቲ ዝርዝር ክትረኽቡዎ ትኽእሉ።*

## ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ መሰላት

ኣብቲ ስሩዕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ፣ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም:

- እቲ ጉዳዩ ኣብ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝረኣየሉ ዘለዎ ቆልዓኹም ሒዝኩሞ ክትመጹ;
- እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ንህዝቢ ክፉት ክኾነልኩም ክትሓቱ;
- ናይ ሕጊ በዓልሞያ ወይከኣ ብዛዕባ ስንኩላን ቆልዑት ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ምሳኹም ክትማልኡን ማዕዳኦም ክልግሱልኩምን;
- መርትዖ (መረጋገጺ) ክተቕርቡ፣ ክትካትዑን ንመሰኻኽር ተቓራኒ ሓሳብ (ሕቶ) ክተቕርቡን (እቲ ኣውራጃ ሓደሽቲ ሓሳባት ክተልዕሉ እንድሕር ዘይፈቒዱልኩም እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ኣብቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲኹ ዝተጠቕሱ ጉዳያት ጥራይ እዩ ዝርኢ);
- እንተወሓደ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክጅመር ሓሙሽተ መዓልቲ ክተርፎ እንከሎ ዘይረኣኹምዎ መርትዖ ክትነጽጉ; ከምኡድማ
- ብዘይ ገለ ወጻኢ፣ እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ወይከኣ ዝኾነ ናይ ርኽበታትን ውሳነታትን ቅዳሕ ቃል-ብ-ቓል ዝተጻሕፈ፣ ብኤሌክትሮኒክ መንገዲ ክቐርበልኩም እንድሕር ትመርጹ ከኣ ብድምጺ ተቐዲሑ ክቐርበልኩም።

### ናይ ሕጊ ሞያውያን ብዘይኮኑ ተሓለቕቲ ተዓጂብካ እንድሕር መጺኻ

ናይ ሕጊ ሞያውያን ብዘይኮኑ ተሓለቕቲ ተዓጂብካ እንድሕር መጺኻ፣ እዞም ውልቀሰባት ካብቲ ካልእ ኣካል ናይ ጠበቓ (በዓልሞያ ሕጊ) ክፍሊት (ወይድማ ዝኾነ ዓይነት ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት) ክረኽቡ መሰል የብሎምን። እቲ ተሓላቒ ኣብቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ናይ ሕጊ ስራሕ ክሰርሕ ኣይኽእልን ከምኡድማ እቲ ተሓላቒ ኣብቲ ከይዲ መስርሕ ሕጊ ዝገብሮ ተሳትፎ ዝተደረተ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ህጹጽ ጥርዓን መስርሕ ስሩዕ ክሲን ናይ ግዜ ሰሌዳን

ህጹጽ ጥርዓን መስርሕ ስሩዕ ክሲ ገለ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዘይምቅዳዋት ብቕልጡፍ መዕለቢ ዝረኽቡሉ ኣሰራርሓ እዩ። ንስኹም ወይከኣ እቲ ኣውራጃ ህጹጽ ጥርዓን መስርሕ ስሩዕ ክሲ ከትቕርቡ ትኽእሉ ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ጥራይ እዩ:

1. ንናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ምደባ (ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎት) ብዝምልከት ምስቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ክትሰማዕምዑ እንድሕር ዘይክኢልኩምን እዚ ዘይምስምዕማዕ ብምኽንያት እቲ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ዝወሰዶ ናይ ዲሲፕሊን መቕጻዕቲ እንተኾይኑ; ወይድማ
2. ነቲ ናይ መግለጺ (manifestation) ውሳነ ውጽኢታት እንድሕር ዘይተቐቢልምዎ; ወይድማ
3. እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እቲ ሕጂ ዘሎ ናይ ቆልዓኹም ምደባ (ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎታት) ብጭቡጥ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ማህሰይቲ ከስዕብ ይኽእል እዩ ዝብል እምነት እንተሃልዩዎ።

እቲ ህጹጽ ጥርዓን መስርሕ ስሩዕ ክሲ 15 ናይ ፍታሕ ናይ ስራሕ መዓልቲ 20 ናይ ትምህርቲ መዓልቲታት ድማ ንከይዲ ምስማዕ ክሲ የጠቓልል። እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ካብቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ዝተቐበለሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ክዳልው ኣለዎ። እቲ ህጹጽ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ምዝተወድኣ፣ እቲ ሰማዒ ክሲ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ጽሒፉ ንዓኹምን ነቲ ኣውራጃን ክህበኩም ይግባእ። ኣብ እዋን ህጹጽ ጥርዓን ስሩዕ መስርሕ ክሲ ተወሳኺ ግዜ ኣይፍቀድን።



## ኣንጻር ውሳነ ይግባይ ምሕታት

እቲ ዝተሳዕረ ኣካል ድሕሪ እቲ ውሳነ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልቲ ይግባይ ብቐጥታ ናብ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ እንድሕር ዘይኣእትዩ፣ እቲ በቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ኣብ ምዝዛም እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝተወሰነ ውሳነ ናይ መወዳእታ እዩ። ዝተሳዕረ ኣካል ማለት በቲ ሰማዒ ክሲ ዝተወሰነ ውሳነ (እዚ ማለት እቲ ኣካል ኣይተዓወተን ማለት እዩ) ዝተሳዕረ ኣካል ማለት ንስኹም ወይ እቲ ኣውራጃ ማለት እዩ።

### ኣንጻር ናይቲ ሰማዒ ክሲ ውሳነታት ከመይ ይግባይ ትሓትት

ኣንጻር ናይቲ ሰማዒ ክሲ ውሳነ ይግባይ ንምሕታት፣ ናይ ይግባይኩም ቅዳሕ ናብቲ ዲፓርትመንት ከምኡድማ ናብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ክትልእኹ ኣለኩም። እቲ ዲፓርትመንት ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ውሳነ ዘይሻራዊ ገምጋም ንምክያድ ብደረጃ ስተይት ገምጋሚ ኣካል (ገምጋሚ ሰብ) ክስይም እዩ። ናይቲ ገምጋሚ ኣካል ወጻኢ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ እዩ ዝሸፍኖ። እቲ ገምጋሚ ኣካል ናይቲ ሙሉእ ከይዲ ምስማዕ ክሲ መዝገባት ክምርምሮም እዩ። ብተወሳኺ፣ እቲ ገምጋሚ ኣካል እቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እቶም ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ረቛሒታት ተኸቲሉ ዝተኻየደ ምዃኑን ዘይምዃኑን ከረጋግጽን ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ተወሳኺ መርትዖ ክሓትትን እዩ። እቲ ገምጋሚ ኣካል ካባኹምን ካብቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርትን ናይ ቃል ወይከኣ ናይ ጽሑፍ ክትዓት ክሓትት ይኽእል እዩ። እቲ ገምጋሚ ኣካል ናይ ቃል ክትዓት ንምርኣይ ዘኽእሊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እንድሕር ኣካይዱ፣ ኩሎም ኣብቲ ስሩዕ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ዝተውሃቡ መሰላት (ገጽ 25 ረኣይ) ኩሎም ኣብዚ ናይ ሕጂ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እውን ክወሃቡኻ እዮም።

#### ኣንጻር እቲ ብዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ዝተወሰነ ውሳነ ይግባይ ንምሕታት

እቲ ውሳነ ምስተወሰነ ኣብ ውሽጢ 45 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣንጻር እቲ በቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ዝተወሰነ ውሳነ ተቓውሞኹም (ይግባይ) ብጽሑፍ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ይግባይኩም ናብዚ ዝስዕብ ለኣኹዎ:

ክፍሊ ኣፈታትሓ ግርጭት<br>
ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት<br>
ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ<br>
25 South Front Street<br>
ፖስታ መቐበሊ 409<br>
Columbus, Ohio 43215

ንዝያዳ ደገፍ፣ ብኽብረትኩም ናብ ቤት-ጽሕፈት ፍሉያት ህጻናት ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ደውሉ (614) 466-2650, ወይከኣ ናጻ መስመር (877) 644-6338።

### ናይ ግዜ ሰሌዳ/ምንዋሓት

ብደረጃ ስተይት ገምጋም ክግበረልኩም ካብ ዝሓተትኩምላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፣ እቲ ገምጋሚ ኣካል  በቶም ወላዲ ወይ በቲ ኣውራጃ (ይኹን እምበር፣ እብ ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ንዘቐርቡ ናይ ይግባይ ሕቶታት ግን ናይ ግዜ ምንዋሕ ኣይፍቀድን) ንዝቐረበ ናይ ግዜ ምንዋሕ ሕቶ ዝፈቕዶ ምንዋሕ እንተዘይሃልዩ፣ ውሳነ ክውስን እዩ። ብተወሳኺ ናይቲ ገምጋሚ ኣካል ርኽበታት ወይከኣ ውሳነ ብኤሌክትሮኒክ ወይ ብናይ ጽሑፍ ቅዳሓት ወይድማ ቃል-ብ-ቃል ኤሌክትሮኒካዊ ቅዳሓት ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ እዮ።

### ናብ ናይ ፌደራል ወይከኣ ክፍለግዝኣት ቤት-ፍርዲ ይግባይ ምሕታት

እቲ ብደረጃ ስተይት ዝግበር ናይ ገምጋም ውሳነ ኣብ ናይ ፌደራል ወይ ክፍለግዝኣት ቤት-ፍርዲ ይግባይ እንድሕር ዘይተሓቲቱሉ ናይ መወዳእታ እዩ። እቲ በቲ ናይቲ ሰማዒ ክሲ ውሳነ ዝተሳዕረ ኣካል (ዘይተዓወተ ኣካል) ካብታ ናይቲ ገምጋሚ ኣካል ውሳነ ዝተወሰነትላ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልቲ ኣብ ቤት-ፍርዲ ፌደራል ኣውራጃ ወይድማ ኣብቲ ቆልዓ ዝመሃረሉ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝርከብ ቤት-ፍርዲ ሓፈሻዊ ጥርዓናት ካብታ ውሳነ ዝተውሃበላ ዕለት ኣብ ውሽጢ 45 መዓልቲ ይግባይ ክሓትት ይኽእል። እቲ ቤት-ፍርዲ ነቶም መዝገባት ክግምግሞም፣ ኣብ ሕቶ ናይቶም ኣካላት ተደሪኹ ተወሳኺ መርትዖታት ክሰምዕ ካብኡ ኣብቶም ዝቐረቡሉ መዝገባትን መርትዖታትን ተደሪኹ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክውስን እዩ። ኣብቲ ቤት-ፍርዲ ንዝሓተትካዮ ይግባይ እቶም ወጻኢታት ባዕልኻ ኢኻ ትሽፍኖም፣ እንድሕር ተዓዊትካ ግን፣ ብድሌት ናይቲ ቤት-ፍርዲ ናይ ቤት-ፍርዲ ክፍሊታትን ናይ ጠበቓ ክፍሊታትን (ገጽ 28 ረኣይ) ክሽፈነልካ ይኽእል እዩ።

## ናይቲ ቆልዓ ኩነታት ኣብ እዋን ከይዲ መስርሕ ስሩዕ ክሲ

- ከይዲ መስርሕ ክሲ ኣብ ከይዲ ኣብ ዘለሉ እዋን፣ ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ቆልዓኹም ትምህርታዊ ምደባ ክቐይር እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም፣ ቆልዓኹም ናይ ግድን ኣብቲ ሕጂ ዘሎ ትምህርታዊ ምደባ ክጸንሕ ኣለዎ።
- ናይ ቆልዓኹም ናይ ሕጂ ትምህርታዊ ምደባ እቲ ኣዝዩ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ግብሪ ዝወዓለ IEP ዝተገልጸ እዩ።
- ቆልዓኹም ብምኽንያት እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዝወሰኖ ናይ ዲስፕሊን መቕጻዕቲ ኣብ ግዝያዊ ናይ ትምህርቲ ቦታ (IAES – ካብቲ ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ዝርከብ ግዝያዊ መምሃሪ ቦታ) እንድሕር ተመዲቡ፣ ቆልዓኹም ክሳዕ ቲ ሰማዒ ክሲ ውሳነ ዝውስን ወይድማ ክሳዕ እቲ ናይቲ ኣውራጃ ናይ ዲስፕሊን መቕጻዕቲ ዝውዳእ ኣብቲ ዝተመደቦ ቦታ ይጸንሕ፤
- እቲ ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ናብቲ ኣውራጃ ምእታው ዝምልከት እንተኾይኑ፣ እቲ ቆልዓኹም እቲ ከይዲ መስርሕ ክሲ ክሳዕ ዝዛዘም ብናትኩም ፍቓድ ናይ ግድን ኣብቲ ኣውራጃ ክምደብ ኣለዎ።
- እቲ ስሩዕ ከይዲ መስርሕ ክሲ ኣብ ትሕቲ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ዕድመ ኣካል ናይቲ ሕጊ ኣገልግሎታት ናይ ምጅምራ መሕተቲ ዝምልከት እንተኾይኑሞ፣ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ቆልዓና ዕድመኡ 3 ዓመት ብምምላኡን ካብዚ ንደሓር ኣብ ትሕቲ ኣጋዊ ኢንተርቬንሽን ኣገልግሎት ንምርካብ ብቑዕ ክኸውን ስለዘይኽእልን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እቶም ቆልዓኹም ዘይረኽቦም ናይ ኣጋዊ ኢንተርቨንሺን ኣገልግሎታት ከቕርብ ስለዘይግደድን።
- ቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ክረግብ ብቑዕ ኮይኑ እንድሕር ተረኺቡን እቶም ወላዲ በቲ ናይ ፈላማይ ኣገልግሎት ቀረብ እንድሕር ትስማዕምዑ ኮንኩም፣ ሽዑ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ እቶም ኣብ መንጎ ወላዲን ኣብ መንጎ እቲ ኣውራጃን ዘይምቅዳው ዘይፈጠሩ ኣገልግሎታት ክህብ ኣለዎ።
- እቲ ገምጋሚ ኣካል ናይ ምደባ ለውጢ ግቡእ ከምዝኾነ ምስ ናይ ቆልዓኹም ወለዲ እንድሕር ተስማዕሚዑ፣ እቲ ምደባ ናይ ግድን ኣብ ዘለኻዮ ምጽናሕ ንዝብል ዕላማ ኣብ መንጎ ክፍለግዝኣትን ኣብ መንጎ ወለዲን ዝተገብረ ስምምዕ ከምዝኾነ ተጌሩ እዩ ክረኣይ ዘለዎ።

## ናይ ጠበቓ ክፍሊት

ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክውክለኩም ዝኽእል ጠበቓ (በዓልሞያ ሕጊ) ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም (ወይከኣ ኣብ ናይ ስሩዕ ከይዲ መስርሕ ክሲ ይግባይ)፣ ይኹን እምበር ክፍሊታትኩም ግን ባዕልኹም ኢኹም ትሸፍኑ። ጠበቓ ክትቆጽር እንድሕር መሪጽካሞ ኣብ ዝኾነ ንመስርሕ ከይዲ ምስማዕ ክሲኻ ዝምልከት ናይ ሕጊ ክርክር (ዕዉት ኣካል ክትከውን እንድሕርጌሩካ) እንድሕር ተዓዊትካ (ንዓኻ ዘዕግብ ውሳነ እንድሕር ተወሲኑልካ)፣ እቲ ቤት-ፍርዲ እቲ ኣውራጃ ርትዓዊ ዝኾነ ናይ ጠበቓ ወጻኢታት ክሸፍነልካ ክእዝዝ ይኽእል እዩ።

### እቲ ኣውራጃ እንድሕር ተዓዊቱ

እቲ ኣውራጃ እንድሕር ተዓዊቱ ድማ ነቲ ኣውራጃ ርትዓዊ ናይ ጠበቓ ወጻኢ ክትከፍሎ ቤት-ፍርዲ ክእዝዘልካ ይኽእል እዩ። ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ ወይድማ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኻ እንድሕር ተዓዊቶምን እቲ ቤት-ፍርዲ ገለ ካብዞም ዝስዕቡ እንድሕር ወሲኑ ንስኹም ወይከኣ ጠበቓኹም ናታቶም ናይ ጠበቓታት ወጻኢታት ክትሸፍኑ ክትእዘዙ ትኽእሉ ኢኹም:

- እቲ ስጉምቲ ናይ ቅልነት፣ ዘይርትዓዊ ወይድማ መሰረት ዘይብሉ ከም ምኟኑ፤
- እቲ ስጉምቲ ናይ ቅልነት፣ ዘይርትዓዊ ወይድማ መሰረት ዘይብሉ ምኟኑ ብንጹር ምስተፈልጠ እውን ክሲኹም ከምዝቐጸልኩሙሉ፤ ወይድማ
- እቲ ክሲ ንዘይግቡእ ዕላማ ማለት ንምብዳል፣ ዘየድሊ ምድንጓይ ንምፍጣር፣ ወይከኣ ዘየድሊ ወጻኢታት ንምውሳኽ ዝተገብረ ከምዝኾነ።

### እቲ ቤት-ፍርዲ ናባኹም ወይከኣ ናብቲ ኣውራጃ ዝምለስ ናይ ሕጊ ክፍሊት እንድሕር ኣዚዙ

እቲ ቤት-ፍርዲ ናባኹም ወይከኣ ናብቲ ኣውራጃ ዝምለስ ናይ ሕጊ ክፍሊት እንድሕር ኣዚዙ፣ እቲ ቤት-ፍርዲ ርትዓዊ ዝኾነ መጠን ክፍሊት ክውስን እዩ። ናይ ጠበቓታት ክፍሊታት ኣብቲ እቲ ክሲ ዝተርኣየሉ ቦታ ዘሎ ማሕበረሰብ ዝጥቀመሎም ልሙዳት መጠናት ከምኡድማ
ኣብ ዓይነትን ጽሬትን እቶም ኣገልግሎታት ተደሪኽካ እዩ ዝውሰን። እቲ ቤት-ፍርዲ ናይ ጠበቓ ክፍሊት ክእዝዝ እንክሎ ገለ ደረታት ግን ኣለዉዎ እዮም።
ቤት-ፍርዲ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣጋጣሚታት ናይ ጠበቓ ክፍሊት ክእዝዝ ኣይኽእልን:

- እቲ ኣውራጃ እቲ ጸገም ኣብ ውሽጢ 10 ናይቲ ከይዲ ክሲ መዓልቲታት ንክፈትሖ ብጽሑፍ ኣፍሊጡ ከብቅዕ፣ ንስኹም ግን እቲ ዝቐረበልኩም ሓሳብ ኣብ ውሽጢ እተን 10 መዓልቲ ኣይተቐበልኩሞን፣ ካብኡ እቲ ኣውራጃ ኣቕሪቡልኩም ዝነበረ ምርጫ ካብቲ ቤት-ፍርዲ ዝወሰኖ ውሳነ ዝሓሸ ንዓኹም ዘዕውት ኮይኑ ተረኺቡ፤
  - ይኹን እምበር፣ ንስኹም እንድሕር ተዓዊታይ ኮንኩም እሞ እቲ ቤት-ፍርዲ ንስኹም ነቲ ኣውራጃ ዘቐረበልኩም ሜላ ኣፈታትሓ ዘይተቐበልኩምሉ ምኽንያት (ዘእምን ምኽንያት) እንድሕር ኣሚኑሉ ወጻኢኹም ክሸፈነልኩም ክእዝዝ ይኽእል እዩ፤
- ጠበቓኹም ኣብ ናይ IEP ኣኼባ ንዝገበሮ ተሳትፎ፣ እቲ ኣኼባ ብምኽንያት ምሕደራዊ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ወይከኣ ብምኽንያት ናይ ቤት-ፍርዲ ስጉምቲ ዝካየድ እንድሕር ዘይኮይኑ፤ ከምኡድማ
- ጠበቓኹም ኣብ ናይ ፍታሕ ኣኼባ ንዝገብሮ ተሳትፎ።

### ናይ ጠበቓ ክፍሊት ምንካይ

እቲ ቤት-ፍርዲ ናይ ጠበቓ ክፍሊት ክእዝዝ እንክሎ መጠኑ ክንክዮ ይኽእል እዩ:

- ኣብ ከይዲ እቲ ምስማዕ ክሲ፣ ንስኹም ወይከኣ ጠበቓኹም ብዘይርትዓዊ ኣገባብ ንናይቲ ግርጭት ናይ መወዳእታ ፍታሕ እንድሕር ኣደናጒዩዎ;
- ናይ ጠበቓኹም ክፍሊት ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሰባት ተመሳሳሊ ክእለት ወይ ሞያ ንዘለዎ ጠበቓ ካብ ዝኽፍሉዎ ኣብ ሰዓት ዝተደረኸ መጠን ክፍሊት ዝለዓለ እንተኾይኑ፣ ዝለዓለ ንምኟኑ ከኣ ዘእምን ምኽንያት እንተዘይሃልዩ;
- ንባርይ ናይ ጉዳይ ወይ መስርሕ ክሲ ኣብ ግምት ብምእታው ከረኣይ እንክሎ እቲ ዝጠፍአ ግዜን ዝተውሃቡኹም ናይ ሕጊ ኣገልግሎታትን ልዕሊ ዓቐን (ኣዝዩ ብዙሕ) እንተኾይኑ;
- እቲ ጠበቓኹም ኣብ ናይ ጥርዓን ምልክታኹም ነቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ግቡእ ሓበሬታ እንድሕር ዘየቕረቡሉ።

እቲ ክፍለግዝኣት ወይከኣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ንናይቲ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ብዘይ ግቡእ ምኽንያት ኣደናጒይዎ ወይከኣ ንናይ IDEA ናይ ኣሰራርሓ ሓለዋታት ጥሒሱ እዩ ክብል እቲ ቤት-ፍርዲ እንድሕር ኣረጋጊጹ ግን እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተጠቕሱ ኩሎም ኣብ ግብሪ ኣይውዕሉን።

# ዲስፕሊን

## ናይ ዲስፕሊን ኣሰራርሓታት ጉድኣት ኣካል ንዘለዎም ቆልዑት

ኣብ ገለ ኩነታት፣ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኹም ዋላ እቲ ኣውራጃ ንቖልዓኹም ካብቲ ሕጂ ዘለዎ ትምህርታዊ ምደባ ምስ ኣገዶ፣ ምስ ደነነ ወይከኣ ምስ ኣወገዶ (ናይ ቆልዓኹም ናይ ሕጂ ትምህርታዊ ምደባ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ናይ ቆልዓኹም IEP ተወከሱ) እውን ጉድኣት ኣካል ንዘለዎም ቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ምሃቡ ክቕጽል ክግደድ ይኽእል እዩ።

### ትምህርታዊ ምደባን ምርጫታትን

ቆልዓኹም ናይቲ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ስሪታት ብምግሃሱ ካብ 10 ተኸታተልቲ ናይ ትምህርቲ መዓልቲታት ንዘውሕድ ግዜ ካብቲ ናይ ሕጂ ትምህርታዊ ምደባኡ እንድሕር ተኣጊዱ ኮይኑ፣ እቲ ኣውራጃ ኣብዚ ናይ መቕጻዕቲ ግዜ ንቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ከቕርበሉ የብሉን። ቆልዓኹም ካብ *10 ተኸታተልቲ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ንላዕሊ እንድሕር ካብ ትምህርቲ ተወጊዱ*፣ እቲ ቤት-ትምህርቲ ዋላ ኣብ ካልእ ናይ ትምህርቲ ቦታ ይኹን (ንኣብነት፣ ኣብ ካልእ መምሃሪ ክፍሊ፣ ህንጻ፣ ወይከኣ ኣብ ናይቲ ቆልዓ ገዛ) ናይ ግድን ንቖልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ምሃብ ክቕጽል ኣለዎ።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ንቆልዓኹም ኣብ ሓደ ናይ ትምህርቲ ዓመት ካብ 10 ተኸታተልቲ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ንላዕሊ እንድሕር ካብ ትምህርታዊ ምደባኡ ኣወጊዱዎ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ምደባ ዝተገበረ ለውጢ ተጌሩ እዩ ዝውሰድ።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ንቆልዓኹም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት (ብዙሕ ግዜ) ካብ ትምህርታዊ ምደባኡ ኣወጊዱዎ እንድሕር ኣወጊዱዎሞ እቲ ዝተወገደሉ እዋናት ተደሚሩ ካብ 10 ተኸታተልቲ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ንላዕሊ እንድሕር ኮይኑ፣ እቲ ኣውራጃ እዞም ስጉምቲታት ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ምደባ ክልወጥ ዘኽእሉ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ክውስን ኣለዎ። እቲ ኣውራጃ እዚ ውሳነ ክውስን እንከሎ ናይ ግድን እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎ:

- ቆልዓኹም ካብ ትምህርቲ ናይ ዝተወገደሎም ሕድሕድ እዋናት ንውሓት፤
- ጠቕላላ ናይ ቆልዓኹም ዝተወገደሎም ግዜታት መጠን፤
- እቶም ናይ ምውጋድ ስጉምቲታት ማዕረኸንደይ ንሓድሕዶም ዝተቐራረቡ እዮም፤ ከምኡድማ
- ቆልዓኹም ካብ ትምህርቲ ኣብ ዝተወገደሎም ኣጋጣሚታት ዘሎ ናይ ባህሪ ተመሳሳልነት።

ቆልዓኹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ስሪታት ከኽብር ብዘይምኽኣሉ ትምህርታዊ ምደባኡ ክቕየር እንከሎ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ፣ ወላዲ ከምኡድማ ግቡኣት ኣባላት ናይ IEP ጉጅለ ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ክገብሩ ክእከቡ ኣለዎም። ናይቲ ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ዕላማ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ እቲ ስንክልና ዘስዓቦ ድዩ ወይከኣ ምስቲ ስንክልና ጭቡጥ ረኺቡ ኣለዎ ድዩ ዝብል ንምርኣይ እዩ።



## ናይ መግለጺ ውሳነ

ናይ ቆልዓኹም ትምህርታዊ ምደባ ብምኽንያት ናይ ዲስፕሊን ጉዳያት ቅድሚ ምቕያሩ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ንናይ ቆልዓኹም መሰላት ንምሕላው ገለ ስጉምቲታት ክወስድ ኣለዎ። እቲ ሓደ ስጉምቲ ድማ ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ኣኼባ ምክያድ እዩ። እዚ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ እቲ ስንክልና ዘስዓቦ ድዩ ወይከኣ ምስቲ ስንክልና ጭቡጥ ረኽቢ ኣለዎ ድዩ ዝብል ንምርኣይ ዝካየድ ኣኼባ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ እቲ ስንክልና ዝፈጠሮ ድዩ? ናይቲ ተምሃራይ ናይ IEP ጉጅለ ዝኾነ ትምህርታዊ ምደባ ናይ ምቕያር ውሳነ ምስ ተወሰነ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ ብምኽንያት ስንክልናኡ ዝተፈጥረ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ንምርኣይ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ትምህርቲ መዓልቲታት ገምጊሙ ይውስን።

### ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ

ቆልዓኹም እቲ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ተምሃሮ ዘውጸኦም ስሪታት ወይከኣ ናይ ዲስፕሊን ስጉምቲታት ዝምልከቶ ኮይኑ፣ ኣብቲ IEP ዝተገልጹ ኣገልግሎታት ክረክብ ክቕጽል እዩ፣ ይኹን እምበር ኣብ ካልእ ምደባ ክኸውን ይኽእል።

### እቲ ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ኣኼባ

ኣብቲ ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ኣኼባ፣ you and the other members of the ንስኹምን ካልኦት ናይቲ IEP ጉጅለ ኣባላትን ከም ናይ ቆልዓኹም IEP፣ ናይ መምህር ትዕዝብቲታትን ዝኾነ ካልእ ተዛማዲ ሓበሬታን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ክትግምግሙ ኢኹም።

እቲ ባህሪ ናይ ቆልዓኹም ስንክልና መግለጺ እንተኾይኑ፣ እቲ IEP በቲ ናይ ምደባ ለውጢ እንድሕር ዘይተሰማዕሚዑ ቆልዓኹም ናብቲ ዝተወገዶ ምደባ ክምለስ እዩ።

እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ ናይ ስንክልናኡ መግለጺ ኮይኑ እንድሕር ተረኺቡ፣ እቲ ናይ IEP ጉጅለ ናይ ግድን:

1. ናይ ፋንክሽናል ባህሪ ገምጋም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ክጅምርን ብቕልጡፍ ክዛዝምን ኣለዎ። እቲ ናይ ፋንክሽናል ባህሪ ገምጋም እቲ ቆልዓኹም ኣብቲ ከባቢኡ እዚ ዘይግቡእ ባህሪ ንኸርኢ ዘበጋገሶ ነገር እንታይ ከምዝኾነ ከምኡድማ ቆልዓኹም እወንታዊ ውጽኢታትን መልሲ ግብሪታትን መታን ክረክብ እንታይ ናይ ምደባ ባህሪ ክመሃር ከምዘለዎ ንምውሳን ዘኽእል ኣብ ልዕሊ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ ዝግበር ከምጋም እዩ; ከምኡድማ
2. እቲ ናይ ፋንክሺናል ባህሪ ገምጋም እንድሕር ተዛዚሙን ምስቲ ዝተገልጸ ናይ ዲስፕሊን ጸገም ዝተሓሓዝ እንተኾይኑን ናይ ባህሪ ኢንተርቨንሽን መደብ ጀምሩ። (እቲ ናይ ባህሪ ኢንተርቨንሽን መደብ ነቶም ንቤት-ትምህርቲ ግቡኣት ዘይኮን ባህሪታት ፍታሕ የናዲን እቲ ቤት-ትምህርቲ ንዕኦም ንምንካይ ዝፍትነሎም መንገዲታት የነጽርን።); ወይድማ
3. ቅድሚ ሕጂ ዝተሰናድአ ናይ ባህሪ ኢንተርቨንሽን መደብ እንተሃልዩ ከኣ ነቲ መደብ ገምጊምኩም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ኣድላዪ ለውጢታት ግበሩ።



## ግዝያዊ ናይ ትምህርቲ ቦታ ምርጫ (ግዝያዊን ካልእን)

ቆልዓኹም ኣብ ግዝያዊ ናይ ትምህርቲ ቦታ (IAES) ክምደብ ናይ ምግባር ውሳነ በቲ ናይቲ ህጻን IEP ጉጅለ እዩ ዝውሰን። IAES ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲ ዝረኽበሉ ግዝያዊ ካልእ ምደባ እዩ። እቲ ናይ IEP ጉጅለ ቆልዓኹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ስሪት ግሂሱ ብዝብል ምኽንያት ናይ ቆልዓኹም ምደባ ናብ IAES ክቐየር ኣብ ዝወሰነሉ ዕለት፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ግድን ብዛዕባ እቲ ውሳነ ከፍልጠኩም ከምኡድማ እቲ ናይ ወለዲ መሰላት ኣብ ፍሉይ ትምህርቲ ዝገልጽ መጽሓፍ መምርሒ ክህበኩም ኣለዎ።

ዋላኳ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ መንቀሊኡ ናይ ቆልዓኹም ስንክልና እንተኾነ፣ እቲ ኣውራጃ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ንቆልዓኹም እንተበዚሖ ን 45 ናይ ትምህሪ መዓልቲ ናብ IAES ክምድቦ ይኽእል እዩ:

- ኣጽዋር ሒዙ እንድሕር ተረኺቡ;
- ብፍላጡ ዘይሕጋዊ ዕጸፋርስ እንድሕር ወኒኑ ወይ ተጠቒሙ፣ ቁጽጽር ዝግበረሉ ባእታ (ንኣብነት ናርኮቲክስ) እንድሕር ሸይጡ ወይ ክዕድግ ወይ ክሸይጥ እንድሕር ፈቲኑ; ወይድማ
- ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ከቢድ ናይ ሰውነት ማህሰይት እንድሕር ኣስዒቡ።

እቲ ቆልዓኹም ዘርኣዮ ባህሪ ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝኸደሉ መንገዲ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይድማ ኣብ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ስራሕ ይኹን ብዘየገድስ እዚ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

እቲ ቆልዓኹም ዘርኣዮ ባህሪ *ብቐጥታ ብናይ ቆልዓኹም ስንክልና ዝነቐለ እንተዘይኮይኑ*፣ ቆልዓኹም ኣብ IAES ዝምደበሉ በዝሒ መዓልቲ ምስቶም ዘይስንኩላን ቆልዑት ማዕረ ይኸውን።

እቲ ቆልዓኹም ዘርኣዮ ባህሪ *ብቐጥታ ምስ ናይ ቆልዓኹም ስንክልና ዝተኣሳረው ወይከኣ እቲ ስንክልና ዘንቀሎ እንተኾይኑም* ቆልዓኹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ስሪታት እንድሕር ግሂሱ፣ ንስኹምን እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲን ከም ኣካል ናይቲ ናይ ባህሪ ኢንተርቨንሽ መደብ ወይ IEP ለውጢ በቲ ናይ ምደባ ለውጢ ክግበር እንተዘይተስማዕሚዕኹም ቆልዓኹም ናይ ግድን ናብቲ ዝተወገዶ ናይ ትምህርቲ ቦታ ክምለስ ኣለዎ።

ይኹን እምበር፣ እቲ ኣውራጃ ቆልዓኹም ኣብቲ ሕጂ ዘለዎ ምደባ ምጽናሑ (ብመሰረት ናይ ቆልዓኹም IEP) ንቆልዓኹም ወይከኣ ንካልኦት ኣካላዊ ማህሰይቲ ናይ ምስዓብ ተኽእሎኡ ልዑል እዩ ዝብል እምነት እንድሕር ሃልዩዎ፣ እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣውራጃ ብዛዕባ እዚ ጸገም ንምዝታይ ናይ IEP ኣኼባ ክጽውዕ ይኽእል እዩ። ንስኹምን እቲ ኣውራጃን ብዛዕባ እቲ ናይ ምደባ ለውጢ እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም፣ እቲ ኣውራጃ ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክሓትት ይኽእል እዩ – ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ብቐልጡፍ ፍታሕ ዝህብ ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክሓትት ይኽእል ማለት እዩ (ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ኣብ ገጽ 25 ረኣይ)።

### ንስኹም ብናይ ትምህርታዊ ምደባ ለውጢ ወይከኣ ብናይቲ ገምጋም መግለጺ ውሳነ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ውጽኢታት እንድሕር ዘይትስማዕምዑ

እቲ ብምኽንያት ናይ ዲስፕሊን ጸገም ዝተወሰነ ናይ ቆልዓኹም ናይ ሕጂ ትምህርታዊ ምዳበ ናይ ምቕያር ውሳነ ንወይድማ እቲ ነቶም ናይ መግለጺ ውሳነ ገምጋም ውጽኢታት ንምቕያር ክትካትዑ እንተደሊኹም ህጹጽ ከይዲ መስማዕ ክሲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። (ናይ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 24 – 25 ረኣይ)። እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ኣብ እዋን እቲ ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ቆልዓኹም ምደባ ክልውጥ እንከሎ ነቶም ረቛሒታት ብግቡእ ተኸቲሉዶ ወይድማ እቲ ኣውራጃ እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ ጉድኣት ኣካል ዝወለዶ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ምፍታሹን ዘይምፍታሹን ክረጋግጽ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ናይ ቆልዓኹም ምደባ ኣብ ዘለዎ ክቕጽል ምግባር ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ወይከኣ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ ዝብል እምነት እንድሕር ኣለዎ ኮይኑ፣ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክሓትት ይኽእል እዩ። (ህጹጽ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ኣብ ገጽ 25ረኣዩ)።

### እቲ ናይ ቆልዓኹም ባህሪ ብዝተጠርጠረ ስንክልና ምኽንያት ዝተፈጥረ እንተኾይኑ

ቆልዓኹም IEP እንድሕር ዘይብሉ፣ ቆልዓኹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ስሪት ቅድሚ ምግሃሱ ገለ ካብዞም ዝስዕቡ እንድሕር ተኸሲቶም ንስኹም ነቲ ቤት ትምህርቲ ንቆልዓኹም ከም ስንኩል ክርእዮ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም:

- ንስኹም ቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ከድልዮ ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ ከምዘለኩም ንናይቲ ቤት-ትምህርቲ መራሕቲ ወይከኣ ንናይ ቆልዓኹም መምህር ብጽሑፍ እንድሕር ነጊርኩምዎም; ወይድማ
- ቆልዓኹም ክግምገም እንድሕር ሓቲትኩም፤ ወይከኣ
- ናይ ቆልዓኻ መምህር ወይከኣ ካልእ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ስታፍ ኣባል ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም ተደጋገምቲ ባህሪታት ንጹራት ስክፍታታት ንናይቲ ኣውራጃ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዳይሬክተር ወይከኣ ንካልእ ናይ ምሕደራ ኣባል እንድሕር ኣፍሊጡ።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ንቆልዓኹም ንፍሉይ ትምህርቲ ከይግምግሞ ፍቓድ እንድሕር ከሊእኹምዎ እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲኹም ንቆልዓኹም ከምጉድእ ኣካል ክሕዞ ትጽቢት ኣይግበረሉን። ንስኹም ቆልዓኹም ፍሉይ ትምህርቲን ተዛመድቲ ኣገልግሎታትን ክረክብ የብሉን ኢልኩም እንተኣቢኹም ወይከኣ ቆልዓኹም ተገምጊሙ ስንክልና ዘይብሉ እንተኾይኑ እውን እዚ ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። እቲ ኣውራጃ ንተመሳሳሊ ግህሰት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጉድኣት ኣካል ዘይብሎም ተምሃሮ ዝውስኖ ናይ ዲስፕሊን ስጉምቲ እዩ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም እውን ዝወስድ።



# ወለዲ ብናይ በይኖም ውሳነ ብናይ መንግስቲ ወጻኢ ቆልዑቶም ኣብ ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ዘምህሩሉ ኩነታት

## ናይ ወጻኢ ምክሕሓስ ውሳነ መስርሕ

ቆልዓኹም ኣብ ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ከተምህሩዎ እንተደሊኹም፣ እቲ ኣውራጃ ንቆልዓኹም ኣብ ግቡእ መንግስታዊ ቤት-ትምህርቲ (FAPE) ክምድቦ ክሳዕዝፈተነ፣ እቲ ኣውራጃ ቆልዓኹም ኣብቲ ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ንዝረኸቦ ናይ ፍሉይ ትምህርቲን ካልኦት ተዛመድቲ ኣገልግሎታትን ዝሕተቶ ወጻኢ ክሽፍን ኣይኽእልን። እቲ ኣውራጃኻ ንቆልዓኻ FAPE ከቕርበሉ ኣይከኣለን ዝብል እምነት እንድሕር ኣለካ ኮይኑ፣ ናይ ስሩዕ ሕጋዊ መስርሕ ክሲ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ነዚ ስዒቡ ድማ ከይዲ ምስማዕ ክሲ ክካድን እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ እቲ ኣውራጃ ንቖልዓኹም FAPE ኣቕሪቡሉዶ ኣየቕረበሉን (ናይ ስሩዕ መስርሕ ክሲ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 21-27 ረኣይ) ገምጊሙ ውሳነ ክሕልፍ እዩ። እቲ ኣውራጃኹም ንቖልዓኹም FAPE ከምዘየቕረበሉ በቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ እንድሕር ተረጋጊጹ፣ እቲ ዘይሻራዊ ሰማዒ ክሲ ቆልዓኹም ኣብ ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ንኽመሃር ዘውጻእኹምዎ ወጻኢ (ክትከሓሱ) ክምለሰልኩም መሰል ኣለኩም ክብል ክውስን ይኽእል እዩ።

### ምንካይ ወይከኣ መቕጻዕቲ ናይ መከሓሓሲ ክፍሊት

ገለ ካብዞም ዝስዕቡ ነገራት እንድሕር ኣጋጢሙ እቲ ኣውራጃ ክኽሕሰኩም ዝግባእ መጠን ገንዘብ ክንኪ ወይከኣ ካብቲ ዘወሃበኩም ወጻኢኹም መከሓሓሲ ዝኸውን ገንዘብ ዝንከይ መቕጻዕቲ ይህልወኩም:

- ኣብቲ ቆልዓኹም ካብቲ ቤት-ትምህርቲ ከየውጻእኩምዎ ዝተኻየደ ናይ IEP ኣኼባ፣
  ንስኹም እቲ ናይ IEP ጉጅለ ዘቕረቦ ናይ ትምህርቲ ምደባ ሓሳብ ከምዘይትቕበሉዎ ከምኡድማ ብዛዕባ ስክፍታታትኩምን ቆልዓኹም ኣብ ናይ ውልቀ ቡት-ትምህርቲ ከተምህሩዎ መደብ ከምዝሓዝኩምን እንድሕር ነቲ ቤት-ትምህርቲ እንድሕር ዘይኣፍሊጥኩምዎ፤ ወይድማ
- እንተወሓደ ቆልዓኹም ካብቲ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚ ምውጻእኹም ቅድሚ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ እቲ IEP ከምዘይትቕበሉዎን ቆልዓኹም ኣብ ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ከተምህሩዎ መደብ ከምዝሓዝኩምን ነቲ ኣውራጃ እንድሕር ዘይኣፍሊጥኩምዎ። እዘን 10 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ኣብ ቀዳመ ሰንበት ዝውዕሉ ኣውደኣመታት እውን የጠቓልላ፤ ወይድማ
- ቆልዓኹም ካብቲ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚ ምውጻእኩም፣ እቲ ኣውራጃ ንቆልዓኹ ክግምግሞ መደብ ከምዝሓዘ ብጽሑፍ ብግቡእ ኣፍሊጡኩም እንተኔሩ፣ እንተኾነ ንስኹም ነቲ ቆልዓኹም ናብቲ ገምጋም እንድሕር ዘይወሲድኩምዎ፤ ወይድማ
- እቲ ቤት-ፍርዲ ንስኹም ዝወሰድኩምዎ ስጉምቲታት ርትዓዊ ከምዘይኮነ እንድሕር ኣረጋጊጹ።

### ናይ ወጻኢ ምክሕሓስ ሓለዋ



እቲ ናይ ወጻኢ መከሓሓሲ (ንዘውጻእኩምዎ ገንዘብ መከሓሓሲ ዝምለሰልኩም ገንዘብ) ክንከይ ኣይኽእልን፣ ወይድማ ንዓኹም ከይወሃበኩም ክትክልከሉ ኣይትኽእሉን፣ እንድሕር:

- እቲ ኣውራጃ ምልክታ ከይትህቡ እንድሕር ከልኪሉኩም፤
- እቲ ኣውራጃ ንስኹም ምልክታ ክትህቡ ግቡእኹም ከምዝኾነ እንድሕር ዘይነጊሩኩም፤ ወይድማ
- ምልክታ ምሃብ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ኣካላዊ ማህሰይቲ ከስዕብ ዝኽእል እንተኾይኑ።

ብተወሳኺ፣ ቤት-ፍርዲ ወይከኣ ሰማዒ ክሲ ንስኹም ዋላ ምልክታ ዘየቕረብኩም እተኾንኩም በዞም ዝስዕቡ ምኽንያት እቲ ናይ ወጻኢኹም መከሓሓሲ ክስሊት ክንከየኩም ወይከኣ ክትክልኡ የብልኩምን ኢሉ ክውስን ይኽእል እዩ:

- ቋንቋ እንግሊዝ ከተንብቡን ክትጽሕፉን እንድሕር ዘይትኽእሉ ኮንኩም፤ ወይድማ
- ምልክታ ምሃብ ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ከቢድ ናይ ስነኣእምሮ ማህሰይቲ ከስዕብ ዝኽእል እንተኾይኑ።

# ጉድኣት ኣካል ናይዘለዎም ቆልዑት ስኮላርሽፕ ፕሮግራምት ምልክታ ንወለዲ

## ምልክት ክህሉ እንከሎ

እቲ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ስንክልና ናይ ዘለዎ ቆልዓ ገምጋም ምስወደአ፣ ናይ ቆልዓኹም IEP ምምዕባል፣ ምግምጋም፣ ወይከኣ ምኽላስ ምስጀመረ ኩሉ ግዜ፣ እቲ ኣውራጃ ናይ ግድን ንናይ ቆልዓኹም ወላዲ ብዛዕባ እቲ ናይ ኦቲዝም ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ከምኡድማ ብዛዕባ እቲ ጆን ፒተርሰን ስኮላርሽፕ ፕሮግራም ክፍልጦም ኣለዎ።

### ናይ ኦቲዝም ስኮላርሺፕ ፕሮግራም

ቆልዓኹም ኣብ ትሕቲ መደብ ኦቲዝም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ይረክብ እንተሃልዩ፣ ናብቲ ናይ ኦቲዝም ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ትሕቲ እቲ ፕሮግራም፣ ቆልዓኹም እቶም ኣብ IEP ዝተገልጹ ትምህርትን ኣገልግሎታትን ንክረክብ ካብቲ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ናብ ዝርከብ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ፕሮግራም ክትሰዱዎ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቲ ፕሮግራም ብቑዕ ንምኳን፣ ቆልዓኹም ናይ ግድን:

- ቆልዓኹም ኦቲዝም ከምዘለዎ ብናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ክረጋገጽ ኣለዎ፤
- ንስኹም ስተስማዕማዕኩሙሉን ዝተዛዘመን ካብቲ ኣብ መንበሪ ቦታኹም ዘሎ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዝተዳለወ ናይ ሕጂ IEP ክህሉ ይግባእ፤ ከምኡድማ
- ናይ ግድን ዕድሚኡ እንተወሓደ ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ።

ነቲ ናይ ኦቲዝም ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንናይ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ education.ohio.gov ሸዑኡ ኣብቲ መድሰቢ ሳንዱቕ ናይ ኦቲዝም ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ኢልካ ጸሓፍ፣ ወይድማ እዚ ኢሜይል ተጠቐም autismscholarship@education.ohio.gov።

### ጆን ፒተርሰን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ስኮላርሺፕ ፕሮግራም

ቆልዓኹም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ይረክብ እንድሕር ኣሎ ኮይኑ፣ ናብቲ ናይ ጆን ፒተርሰን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ትሕቲ እቲ ፕሮግራም፣ ቆልዓኹም እቶም ኣብ IEP ዝተገልጹ ትምህርትን ኣገልግሎታትን ንክረክብ ካብቲ ናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ወጻኢ ናብ ዝርከብ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ፕሮግራም ክትሰዱዎ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ናብቲ ናይ ጆን ፒተርሰን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ብቑዕ ንኽትኮኑ፣ ቆልዓኹም:

- ናይ ግድን ቆልዓኹም ጉድኣት ኣካል ከምዘለዎ ብናይ ኣውራጃኹም ቤት-ትምህርቲ ክረጋገጽ ኣለዎ፤
- ንስኹም ስተስማዕማዕኩሙሉን ዝተዛዘመን ካብቲ ኣብ መንበሪ ቦታኹም ዘሎ ናይ ኣውራጃ ቤት-ትምህርቲ ዝተዳለወ ናይ ሕጂ IEP ክህሉ ይግባእ፤ ከምኡድማ
- ናይ ግድን ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳዕ መበል 12 ደረጃ ክመሃር ብቑዕ ክኸውን ኣለዎ።

ነቲ ናይ ጆን ፒተርሰን ናይ ፍሉይ ጠለብ ትምህርቲ ስኮላርሺፕ ፕሮግራም ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ንናይ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ education.ohio.gov ሸዑኡ ኣብቲ መድሰቢ ሳንዱቕ ናይ ጆን ፒተርሰን ስኮላርሺፕ ኢልካ ጸሓፍ፣ ወይድማ እዚ ኢሜይል ተጠቐም peterson.scholarship@education.ohio.gov።

#### ተወሳኺ ሓበሬታ

ነቶም ናይ ስኮላርሺፕ ፕሮግራማት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዲፓርትመንት ትምህርቲ ኦሃዮ education.ohio.gov ይርከብ።

ነዞም ናይ ስኮላርሺፕ ፕሮግራማት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ሕቶታት ንምሕታት፣ ነዚ ዝስዕብ ተወከሱ:
ቤት-ጽሕፈት ምርጫታት ዘይመንግስታዊ ትምህርቲ (614) 466-5743 ወይድማ ብናጻ መስመር: (877) 644-6338።

Ohio | Department of Education

education.ohio.gov